
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.189 ረቡዕ 9 ሚያዝያ 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና

ገጽ 3
መንገዲ ባሕሪ በየን ኪኸውን ይኽእል?

ገጽ 4
ዓቕሙ ዘበርኽ ክብርታቱ ዝዕቅብ መንእሰይ ንኹን!

ገጽ 8
ዓንኬል ሓሳባት

ገጽ 11
ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ይቕጽል


## ኣብ መስመር ኣስመራ - መንደፈራ፡ ሓደጋ መኪና ኣጋጢሙ




ብ7 ሚያዝያ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ-ቐትሪ፡ 66 ተሳፈርቲ ጾዒና ካብ ኣስመራ ናብ መንደፈራ ትጐዓዝ ዝነበረት፡ ቁጽሪ ሰሌዳ ER-3-A-4620 ዝተቐለት ዋንኛት ኩባንያ ሓራት ዝኾኑት ኣውቶቡስ ምስ ጎቦ ብምጥጓዋ፡ ኣብ ሰብን ንብረትን ጉድኣት ወሪዱ።

በቲ ኣብ ፍርቂ ጎቦ መንገዲ ዘጋጠመ ሓደጋ፡ 13 ከቢድ፡ 15 ድማ ፈኲስ ጉድኣት ዝወረዶም ተሳፈርቲ ናብ ሆስፒታላት ሓሊቦ፡ ኦሮታን መንደፈራን ከምእተላእኩ ዝሓበረ መርማሪ ሓደጋ ትራፊክ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ኣቶ መሴ ማሪቆስ፡ ጠንቂ ናይ'ቲ ሓደጋ ኣብ ምጽራይ ከምዝርከብ ሓቢሩ።

ኣብ'ቲ ቦታ ሓደጋ ዝተረኽበ ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ንኡስ ዞባ ደባርዋ ካፕቴን በራኺ ተኽለማርያም ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ኣዋርሕ ብዘጋጠመ 19 ሓደጋታት ትራፊክ፡ 3 ሰባት ክሞቱ ከለዉ፡ ኣብ ንብረት 1.2 ሚልዮን ናቕፋ ዝግመት ዕንወት ከምዝወረደ ገሊጹ።

ናብ መራሕቲ መካይን ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ ድማ፡ ሕግታት ትራፊክ ከኽብሩን ሸለልትነት ከወግዱን ኣዘኻኺሩ።

## መንእሰያት ተላታዓሸር ንጽጉማት ስድራቤታት ሓገዝ ገይሮም

ኣብ ንኡስ ዞባ ተሰነይ - መንእሰያት ነበርቲ ምምሕዳር ከባቢ ተላታዓሸር፡ ን381 ጽጉማት ስድራቤታት ገንዘባዊ ሓገዝ ገይሮም።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ምምሕዳር ከባቢ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ እቶም መንእሰያት ብዘወሰድዎ ተበግሶ ዘዋህለልዎ 64 ሽሕ ናቕፋ፡ ነተን ስድራቤታት ከምዝመቓረሑ ብምግላጽ፡ ንዘበርክትዎ ሓገዝ መጐሰ።

ወደብቲ ናይ'ቲ መደብ ብወገኖም፡ እዚ ኣብ ወሸጥን ወጻኢን ዝርከቡ መንእሰያት ተላታዓሸር ዝወሰድዎ ተበግሶ፡ መርኣያ እናተወራረሰ ዝመጽእ ናይ ምትሕግጋዝ ባህሊ ከምዝኾነ ብምሕባር፡ ነተን ስድራቤታት ንምልላይ ጻዕሪ ንዝገበሩ ኣመሓደርትን ኣባጽርትን ኣመስጊኖም።

ካብ ዝተሓገዙ ወገናት - ወይዘሮ ውዳስ ገብረመስቀል፡ ኣቶ ኢብራሂም መሓመድዓሊን ኣቶ ኢብራሂም ሓሰንን ብወገኖም፡ ንዝተገብረሎም ሓገዝ ምስጋና ኣቕሪቦም።

ብኻልእ ወገን፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ጎልጅ ንቕሓት ተመሃሮ ኣብ ሕጊ ብምዕባይ




ገበናትን በደላትን ንምግታእ ዝዓለመ ኣስተምህሮ ተዋሂቡ።

ኣዛዚ መደበር ፖሊስ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ተለንተ ተስፋልደት ወልደሚካኤል ኣብ ዘመሓላለፎ መልእኽቲ፡ ሕጊ ዘይምፍላጥ ካብ ተሓታትነት ስለዘየድሕን፡ ኣፍልጦ ሕብረተሰብ ኣብ ሕጊ ዝዓበየሉ መድረኻት ብምፍጣር፡ ኣበርክቶኦም ኣብ ምክልኻል ገበናትን በደላትን ንምዕባይ ደስራሓሉ ከምዝኾ ኣረዲኡ።

# ትዕዝብቲ

## ስትራተጂያዊ ሓሳብ

"ዘቤታዊ ወጥሪ ንምዝላቕ፡ ጉዳማዊ ዒላማ ምፍጣር" ብዝብል ብሉይ ሜላ፡ 'ዝዕባ ባሕሪ' ምስ ተላዕለ፡ ንዋናታቱ ዘፍክስ ከናፍር ተዓዚብና። "ንሕና ሕጂ ዓቕሚ እንተዘይብልና፡ ደቅና ኣይክድቕሱን እዮም" ክበሃል'ውን ብኣርምሞ ሰሚዕና።

ወሩይ ሊባኖሳዊ ጸሓፍን ፈላስፋን ኻሊል ጅብራን "ደቅና፡ ደቅና ኣይኮኑን፡ ብኣና ኣቢሎም ድኣ ይውለዱ እምበር ደቂ ህይወት፡ ደቂ ዓለም እዮም። ንሕና ክንዋዕሎ ኣብ ዘይንኽእል መጻኢ፡ ኣብ ዝተፈልየ ግዜን ኩነትን ዝነብሩ እዮም። ከንዲ ዝኾነ በቲ ንሕና ንሓስቦ ክንቀርጾም ደንቀርናዮ።" ይብል ነበረ። ብርግጽ ድማ፡ ዕሸነቱ ኣብ ደቁ ከምዝቕጽል ገይሩ ዝሓስቡ ዕዱው ኣእምሮ እዩ። ሓደት ሕቶታት፦

- እቲ ንህዝብታት ኢትዮጵያ ዘመናት ደም ዘፍሰሰ ማስፍናዊ ኣተሓሳስባ፡ ባህሊ ወራርን ዘይናትካ ምንባሃቕን ኣብቶም ዝስዕቡ ወለዶ ብርግጽ ክቕጽል ደዩ? ማህጸን እዛ ሃገር፡ ዚ ድሕሪት'ዚ ስግርም፡ ብሓበር ብሰላም ምንባርን ተመላሊእካ ብኻዕበት ምርባሕን ዝመርጹ ስልጡናት ወለዶ ክፍሪ ኣይክኣሎን ደዩ?

- እዞም ኣደ ሚልዮናት፡ ስትራተጂያዊ ሓሳብ ከመንጭዉ ዝኽእሉ መራሕቲ ክፍጠሩዋ ኣይክእሉን ደዮም? ብሰፊሕ ጠመተ፡ ምስ ጎረባበቲ ህዝብታት ሕውነት፡ ቁጠባዊ ወሃደትን ሽርክነትን ፈጢሮም፡ ንዶብ ሃገራት ናብ ትርጉም ዘይብሉ ብርኪ ለዊጦም፡ ሃገሮም ብሰላምን ምክብባርን ተጠቃሚት 5000 ኪ.ሜ. ገምገም ባሕሪ ክገብሩዋ ዝኽእሉ ሰሞት ወለዶ ክመጹ ኣይክእሉን ደዮም?

- እዚ ሕጂ መኽሸር ህዝብታት ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይኑ ዘሎ ፖለቲካ ቁሸት፡ ነባሪ ደዩ? ሃገራት ዞባና ኮይኑወን ደዩ ኣብዚ ድሕሪት'ዚ እናዕሸሉ ኣብ ዘየቋርጽ ግጭትን ቅልውላውን ክነብራ?

ህዝቢ ኤርትራ ንናጽነቱ ኣብ ዝቃለሰሉ ዝነበረ እዋን፡ መራሕቲ ኢትዮጵያ፡ ናጽነት ኤርትራ ምስ ምቕራጽ ክሳድ ኢትዮጵያ እናዛረቡ፡ ብዘይለ ስግኣት ህዝቦም እናሻቐሉ፡ ናብ ኩናት ይጽብስዎ ነይሮም። ሃብቲ ሃገር ሃሚኾም፡ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ ብዝሃሬሮ ገምጋም ድማ፡ ንሸነኑ ሓደ ሚልዮን ህይወት ገቢሮም። ብኣንጻር'ቲ ዘስሃርርዎ ዝነበረ ስግኣት ግን፡ ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ዝተጋህደ ሓቂ ካልእ'ዩ ነይሩ። ኢትዮጵያ ብጐረሮኣ ኣይተሓንቀትን፡ እኳ ድኣ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ሰናይ ጉርብትና መስሪቶም፡ ኢትዮጵያ ከም ቀደማ ብወደባት ኤርትራ እናተጠቕመት፡ ናብ ቁጠባዊ ወሃደት ክልቲአን ሃገራት ጥራይ ዘይኮነ፡ ናብ ዞባዊ ወሃደት ዝኣንፈተ ምዕባለ ተኸሲቱ ነይሩ።

የግዳስ "ሰላምን ርግኣትን ኣፍሪቃ ንረብሓና ኣይኮነን" ዝብሉ ሓይልታት፡ ነቲ ሓድሽ መራሕነት'ውን ብቐጥታ ግንየ ሓቢሎም፡ ብዶብ ኣሳቢቦም፡ ዳግማይ ኩናት ወሊዖም፡ ን20 ዓመታት ኣይሰላም ኣይኩናት ሃዋህው ኣስዒዮም። ድሕሪ'ቲ ኩሉ ዘሕዝን ክሳራ፡ ኣብ 2018 ዕርቀ-ሰላም ሰፊኑ፡ "ኤርትራ፡ ሶማልን ኢትዮጵያን ጥምረት ክፈጥራ እየን" ምስተባህለ ዝተራእየ ስንባደን ንምዝራጉ ዝነበረ ምጉያይን ዝኸዓበ ዕንደራን መቕዘፍትን ድማ ናይ ቀረባ ዘሕዝን ዝኽሪ እዩ።

ኤርትራ፡ ምስናይ'ዚ ኩሉ ጾቕጢን ሕንክራን'ዚ፡ ሃገራት ዞባና ብሰፊሕ ኣጠማምታ ተመላሊኤ ጉደቦ ክፈጥራ ሓያል ጻዕሪ እተካይድ ዘላ ሃገር'ያ። ሕጂ እውን ሓድሽ ምህዞ የለን። ጸገማት ቀርኒ ኣፍሪቃ በዚ ስትራተጂያዊ ሓሳብ'ዚ እዩ ነባሪ ፍታሕ ዝረኽብ። ብጸቢብን ከፋፋልን ፖለቲካ፡ ማስፋሕፍሒ ጥሙሓት፡ ባህሊ ወራርን ዓመጽን ዝጭብጦ ፋይዳ የለን። ሃገራት ዓለምና ብደረጃ ዞባን ክፍለዞባን እናተመላልኣ ዕዳጋኣንን ፍርያተንን ኣብ ዘዕርጋሉ ዘለዋ እዋን፡ ህዝብታት ኤርትራ፡ ሱዳን፡ ኢትዮጵያ፡ ጅቡቲ፡ ሶማል፡ ኬንያ ጠቢዮናም ህዝብታት እዮም፡ ኢሉ ዝሓስብ፡ ካብኡ ንታሕቲ ወሪዱ ህዝብታት ትግራይን ኣምሓራን፡ ኣምሓራን ኦሮሞን ወዘተ. እናበለ ብመሬትዩ መሬትካን ብዘረይ ብሃርካን ኣህዙብ ዘናቖት፡ ስትራተጂያዊ ሓሳብ ከመንጩ ዘይክእል ጸቢብ ኣእምሮ ጥራይ እዩ። "ካብ ጺጋ ዝሰኣኑ ኣእምሮ ዝሰኣነ የደንግጽ" ይብሉ ነበሩ።

ዜና

# ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ንመበል 23 ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ ዝምልከት መብርሂ ሂቦም



ኣባላት ባይቶ ዞባ ማእከል፡ ንውሳነታትን ለበዋታትን ናይ'ቲ ብ4 መጋቢት 2025 ዝተኻየደ መበል 23 ስሩዕ ኣኼባ ባይቶ፡ ንህዝቢ መብርሂ ሂቦም።

ብ6 ሚያዝያ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታት ኣብ ዝተኻየደ ኣኼባታት፡ ንዝቐረበ ሓሳባትን ናይ መጻኢ መደባትን ድሕሪ ምግላጽ፡ ባይቶ - ንህዝቡ ፈጸምቲ ኣካላትን ብምርኻብ ትግባረ መደባት ንምክትታል፣ ንዝቐርቡ ጉዳያት ብዕቱብ ተገዚቡ ድማ መልሲ ንምርካብ ኣብ ዝካየድ ጻዕሪ ህዝቢ ከም ወትሩ ተሳታፊኡ ከዕዝዝ ኣዘኻኺሮም።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ርክብ - ጸገማት ዝፀመም ዘሎ መደባትን ተሳታፊ ህዝቢን ክየገዝኡ ከምዝኽእሉም ብምሕባር፡ ርክብ ህዝብን ኣባላት ባይቶን ኣብ ምክትታልን ምትግባርን ዘሕጽጹ መደባትን ምምላስ እዋናውያን ሕቶታትን ኣጉዳሲ ስለዝኾኑ፡ ቀጻልነት ክህልዎ ተላብዮም።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ገጠራትን በደላትን ንምጉዳል ዝያዳ ክስራሕ፣ ኣብ ዘይምኽኑይ ናህሪ ዋጋ ሃለኽቲ ዝጥበር ምቁጽጻር ክሕየል፣ ብርሰት ኣግራብ ንምክልኻል ዝሕግዝ ቀረብ ተተካኢ ጸዓት ኣብ ኩሉ ክበጽሕ፣ ዘይተሃደመ ቢንቶታት ክህደም፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንነት ኣካራይን ተኻራይን ዘሎ



ሰኣሊ ዮናታን የዕብዮ

ዘይምርድዳእ ፍታሕ ክናደየሉ ዝብሉ ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

ባይቶ ኣብ መበል 23 ስሩዕ ኣኼብኡ ዘመሓላለፎ ለበዋታት፡ እዋናዊ ሸግራት ህዝቢ ዝፈትሑ መደባት ቀዳምነት ከወሃቦም፣ ብቐዓት ትምህርቲ ንምምሕያሽ ስጉምቲ ዝምድና ቤት-ትምህርቲ፡ መምህራንን ወለድን ክድልደል፣ ምጽጋን ናይ ቅጥራን ጽርግያታት ክቕጽል፣ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ንምጽጋን ዘድሊ ጥረ ነገራት ድማ ክፍታሕ ዝብል ደርከቡ።

# ባጽዕ - ኣብ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘተኩረ ዘተ ተኻዩዱ

ቤት-ጽሕፈት ሃገራዊ ማሕበር ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣብ ጉዳይ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ዝዘተየ ርክብ፡ ብ6 ሚያዝያ ምስ ወለዲን መሻርኽቲ ኣካላትን ኣካዩዱ።



ስእሊ- ደምሳስ ጸጋይ



ሓላፊ ናይ'ቲ ቤት-ጽሕፈት ኣቶ ኣማኑኤል ኣድሓኖም ኣብ ዘሰመየ ቃል፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ኣለሊኻ ኣብ ማሕበር ንምጥርናፎም ዳህሳስ ይካየድ ከምዘሎን ወጽኢቱ ኣተባቢዒ ምዃኑን ኣገንዚቡ።

ተራ ናይ ስራሕ መሻርኽቲ፡ ብፍላይ ድማ ናይ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ኣብ ምጥያስን ምድጋፍን እናተመሓየሸ ምምጽኡ ብምጥቃስ፡ ኣብ መጻኢ እቲ ናይ ምጥያስ መደባት ናብ'ቶም ኣዝዮም ጸገማት ኣተኩሩ ከምዝቕጽል ኣረዲኡ።

ኣብ ማሰርሕ ምልላይ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ዝተሓጋገዘ ዘሎ ዶ/ር ምሕረትኣብ ኣብርሃም ድማ፡ እዚ ስንክልና'ዚ ዘለዎም ሰባት፡ ኣብ ግዝቡ ምብህዛል፡ ተግባራውን ማሕበራውን ሽግራት ካብ መዘኑኦም ርኡይ ሕጽረታት ስለዘለዎም፡ ኣብ ትምህርቲን ካልእ ንጥፈታትን ደገፍ ከምዘድልዮም ኣገንዚቡ።

ኣመሓዳሪ ከተማ ባጽዕ ኣቶ ሃደለ ኣስፍሃ ብወገኑ፡ ምስ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዝነብሩ ዜጋታት ንምድጋፍ፡ ምምሕዳር ከተማ ባጽዕ ምቕሉል ኣብርክቶ ይገብር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብዘለዓለ ከምዝቕጽሎ ሓቢሩ።

እዚ ከም'ዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ከተማ ኣፍዓበት ንእተርከበ፣ ካብ 2018 ኣትሒዛ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንክልና ዘለዎም ዜጋታት ተቐቢላ ተምህር ንዘላ ቤት-ትምህርቲ፡ ብጉዱኣት ዜጋታት ዝተወፈየ ናውቲ ትምህርትን ስፖርትን ክብርከት ከሎ፣ ኣብ ንኡሳን ዞባታት ናቕፋን ኣዶብሓን ዝርከብ ኣሊዪቲ ኣእምሮኣውን ምዕባለኣውን ስንኩላን ብጥርዓት ተጣዪሰን።

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

**ዋና ኣሰናዳኢ**
ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**
ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**
ቊ.ስ.163471-07588045
**ምልክታ**
ቊ.ስ 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ሰልዓ - ምውዳድ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ክዓዝዝ መተሓሳሰቢ ቀሪቡ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሰልዓ ዝርግሐ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ብምስፋሕ ተጠቀምቲ ንምዕባይ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ጻዕሪ ተራ ኮም ክዓዝዝ ጸውዒት ቀሪቡ።

ኣመሓዳሪ ናይ'ቲ ንኡስ ዞባ ኣቶ ውኡሳ መሓመድዓሊ፡ ካብ 1997 ብዝተጉበረ ወፍሪ - ኣገልግሎት ትምህርቲ ኣብ 9 ምምሕዳራት ከባቢ ከምእተባጽሐ፣ ሓንቲ ማእከል ጥዕና እትርከበን 3 ትካላት ጥዕና ከምእተዋደደ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ድማ ኣብ 4 ምምሕዳራት ከባቢ ጸቡቕ ጉስጋስ ከምዝተመዘገበ ብምግላጽ፡ ዝተረፈ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ፡ ብደረጃ ኮም ዝተጀመረ ኣበርክቶ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሩ።

ሓላፊ ኣሃዱ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣቶ ፈረጅ ከራር ብወገኑ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ነበርቲ ብቐረባ ዝግልገሉሉ መሰረታዊ ትካላት ተዋዲዶ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ቀረብ ጽሩይ ዝስተ ማይ ኣብ ዓድታት ንምስፋሕ ዝተጀመረ ጻዕሪ ብልዑል ኮማዊ ደገፍን ኣበርክቶን ጸቡቕ ይቕጽል'ኳ እንተሎ፡ ዛጊት መሊኦም ዘይተፈትሑ ሕጽረታት ብምህላዎም፡ እቲ ተበግሶታት ክዓዝዝ ተላብዩ።

ኣመሓደርቲ ምምሕዳራት ከባቢ ሕሩም፡ ርከብ፡ ግርግር-ገርሲ፡ ጣህራን ሓምቢቲታን ድማ፡ ኣብ ከባቢኦም ብዝካየድ ዘሎ ትካላት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ናይ ምውዳድን ምስፋሕን ስራሕ ኣብ መነባብሮ ነበርቲ ዝምስገን ወጽኢት ደርኪቡ ከምዘሎ ብምግላጽ፡ ዝምልከቶም ኣካላት ደገፍ ክገብሩ ጸዊዖም።

ኣቶ ውኡሳ መሓመድዓሊ ኣብ መወዳእታ፡ ምፍታሕ ሸግር ዝስተ ማይን ሕጽረት ትካላት ጥዕናን ሓምቢቲታን ጣህራን ኮማዊ ኣበርክቶ ዝሓትት ካብ ቀዳምነታት ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ሸግር ዝስተ ማይ ምምሕዳራት ከባቢ ባድንልጊተ፡ መርጠቢዩብን ሽርኢትን ንምቕላል ድማ ምስ ክፍሊ ሃብቲ ማይ ምርድዳእ ተገይሩ ይስራሓሉ ከምዘሎ ኣበሪሁ።


# መንገዲ ባሕሪ በየን ኩን ይኸውን?

## ብልማኖ ኤውሮጳውያን ዘይተረኽበ ገምገም ባሕሪ

ብኑረዲን ፋራሕ

(1ይ ክፋል)

*እዚ ጽሑፍ እዚ ኣብ መንጎ ሶማልን ኢትዮጵያን ከቢድ ውግእ እናተኻየደ፡ ወተሃደራዊ ስርዓት ደርግ ኢትዮጵያ፡ ሰውራ ኤርትራ ንምድምሳስ ብርቱዕ ወራር ኣብ ዝኸፈተሉ፡ ሰውራ ኤርትራ ናይ ሞትን ሕየትን ጥምጥም ኣብ ዘካየደሉ ግዜ ኣብ 1978 ዝተጻሕፈ እኳ እንተኾኑ፡ ባሕሪ ንምውናን ካብ ዓሌታት ማእከል ቀርኒ ኣፍሪቃ ናብ ዓሌታት ገምገም ቀይሕ ባሕሪ ዘቐጸለ ተጻብኦታት ሓድሽ ከም ዘይኰነን ምስ ዘለናዮ ግዜ ዝተኣሳሰረ ታሪኽ ከም ምዃኑን 'መንገዲ ባሕሪ በየን ኩን ይኸውን?' ዝብል ብኑረዲን ፋራሕ ዝተዳለወ ጽሑፍ ፕሮፈሰር ሰዒድ ሰመተር ሶማላዊ ጸሓፋይ ካብ ዘሰፈሮ ትንተና ርዒምሙ ቀሪቡ ኣሎ።*




ሸግ ታሪኽ ወለዕና መዋዕቡቢ ኣእምሮና እንድሕር ፈቲሽና ንቀርኒ ኣፍሪቃን ነዊሕ ገምገም ባሕርታቱን ንምቁጻጻር ዝተኻየዱ ተኸታታሊ ዕጥቃዊ ግጭታት ከም ዝነበሩ ንረክብ። ሓይልታት ግዳም በቢተራ እናተመላለሱ ብሓይሊ ወግእ እናደምሰሱን ዝምታ እናኣካየዱን ንኣማኢት ዓመታት ንህዝቢ ኣብ ትሕቲ ምልኪ እናኣእተዉን ከም ዝጸንሑ ንርዳእ። ቀርኒ ኣፍሪቃ ዓበይቲ ሓይልታት ናይ ሓድሕዶም ሓይሊ ዝፈታተኑሉን ተዋስኦታት ዲፕሎማሲ ዘካይዱሉን ኣብ ዓንኬል ስዕርን ተሳዕርን ዝጻማመዱሉን ዞባ ኮይኑ ጸኒሑ እዩ። ዐስማናዊ ሃጸይነት ቱርኪ፡ ሱልጣናዊ ስርዓት ከዳዊ ግብጺን ብምስሌነታቶም ገደሮም መላእ ገምገም ባሕሪ ሶማልን ኤርትራን ክቈጻጸሩ ምጽኖሖም ይዝከር። ሰዓቦም ከኣ ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ብሪጣንያን ንሓጺር ግዜ ድማ ፖርቱጋልን ነዚ ከባቢ ክቈጻጸሩን ኣብ ዲፕሎማሲያዊ ወጥርታት ክሰሓሓቡን እዚ ሸግ ታሪኽ የብርሃልና። ባና ዲፕሎማሲያዊ ወጥርታትን ምስሕሓባትን ኣብ ዝፈጠሮ ደገ ናይ ዝተኸሰቱ ጽላሎት ብዓል የሃንስ፡ ምኒሊክን ሃይለስላሴን ከኣ ንዕዘብ። ብትሓት ደምጺ እናኣማትኡ ብህድኣት ኣብ ኣፍደገ ኣዳራሻት ሃገሳታት ኤውሮጳ ሕቱም ደብዳባታት ሓዚም ጠጠው መጠው ክብሉ ይረኣዩ። ጠበንጃታት ካብዚን ካብትን እናኣረዩ ክእከቡ ድማ ይረኣዩ። ህድእ ንበል እሞ ሎሚ (1978) ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝቕየድ ዘሎ ውግእ ካብቲ ናይ ቀደም ይፍለ ዶ? ኢልና ንሕተት። ብዕላማ ሓደ እዩ። ብቕዲ ግና ክፈላለይ ይኽእል። ዓውዲ ውግእ ብዘመናዊ ታንክታት ሰማያት ከኣ ብደሃያት ዘመናዊ ነፈርቲ ኲናት የንጉድጉድ ኣሎ። ሚልዮናት ህዝቢ ንዘለዋ ኢትዮጵያ ኣንጻር እታ ወሓዱ ህዝቢ ንዘለዋ ሶማል ንምውጋእ፡ ልዕሊ ሓያል እትብሃል ሃገር ኣብ እትሕግዘሉ ግዜ ኢና ዘለና። ናብቲ ናይ ቀደም ምልስ ኢልና ድማ ንጠምት። ኣብ ሕምብርቲ ቀርኒ ኣፍሪቃ እትርከብ "ሸዋ" እትብሃል ብጎግስት እትመሓደር፡ ወይ'ውን "ትግሬ" እትብሃል ካልእ ግዝኣት ምስተን ጐላጉለንን ገምገም ባሕረንን ዕጣን ዝተካሉ ጓህሪ ዝመልአ መጠኑርያ ዝመስላ ሶማልን ኤርትራን እንታይ ዘራኽብ ኣለወን?

ዝ. ሕቶ መልሲ ክንረክብ ዝተሰከደ መዋዕቡቢ ታሪኽ ገፍጺልና ንተዓዘብ። ሃጸያትን ነገስታት ኢትዮጵያን ካብቲ ዝተኸወሉሉ ደኒ ታሪኽ ወጺኦም ባዕላቶም ክዝረቡ ይሓይሹ። ቅድሚ ሕጂ 'ኢትዮጵያዊን ኑብሪን ሕብሪ ቁርቡቶም ነይቅይሩ' ዝብል ምስላ ሰሚዕና ንኸውን። ኣብ ዝኸሳ ናይ ዘበናት መድረኽ ከም ዓብላሊ ስትራተጂያዊ ራእይን ናይ ውሽጣዊ ጸገሞም መፍትሒ ዝመስሎም ዋንነት ገምገም ባሕሪ ንምርካብ ዘካይድዎ ጻዕርን ንተዓዘብ።

ገምገም ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ኤውሮጳውያን ከይሓዝዎ እንከለዉ ነገስታት ኣቢሲኒያ ኣፍ ደገ ባሕሪ ክረኽቡ ሓገዝ ወጻኢተኛታት ክሓቱ እንከለዉ ኣብ ታሪኽ ንዕዘብ። ባዕላቶም ናይ ወጻኢ ሓይልታት ደገፍ ክሓቱ እንከለዉ ኣብቲ ገምገም ዋንነት ከም ዘይብሎም ይምስክሩ። ናይ ቀይሕ ባሕሪ ወይ ናይ ህንዳዊ ውቅያኖስ ገምገም ብሓይሊ ምስ ሓዘኩም ንዓና ኣረክቡና ክብሉ ብተደጋጋሚ ኣብ ታሪኽ ንርኢ። መኳንንትን ነገስታትን ሃጸያትን ኢትዮጵያ ዳርጋ ተመሳሳሊ ሚላን ዲፕሎማሲያዊ ተንኮልን እናዝርግሑ ንኤውሮጳውያን ክሓብቡሉ እንከለዉ ካብ መዋዕቡቢ ታሪኽ ንዕዘብ።

ካብ ገምገም ባሕሪ ርሒቖን ካብ ዝርከባ ቦታታት ቀርኒ ኣፍሪቃ 'ሸዋ' እትብሃል ከም ቁመት መራሒኣ ብዓቕን ጸቢብ ዝኾነት ብሃስታት እትመሓደር ግዝኣት ነይራ። ንጉስ ናይታ ግዝኣት ሓጺር ደኣ ይኹን እምበር ከም ብዙሓ ማያት ባሕሪ ብዙሕን ክዕገት ዘይክእልን ዓቢ ዕላማታት ነይሩዎ። ሸዋ ንብዙሕ ኣማኢት ዓመታት ካብ ካልእ ቦታታት ተነጺላ ብእምባታት ኣብ ዝተኸበ ሰፍራ ተደኲና ትርከብ። ኣብ ከባቢኣ ኸኣ ንሓድሕደን ብውግእ ዝሕመሳ መተሃላልኽቲ ንግስነታት ጎጃም፡ ጎንደርን ትግሬን ነበራ። መራሕቲ ናይዘን ንግስነታት፡ ብዙሓ ዘመናዊ ኣጽዋር ዝተዓጥቀን ደገፍ ሃገራት ኤውሮጳን ዘለዎ ንመቓናቕንቲ ዝሰዕረሉ ድልዱል ሓይሊ ከም ዝኸውን ካብ ተሞክሮ ዝተረድኡ ነገስታት እዮም ነይሮም። ንእግሪ መንገድና ደጊያት ካሳ ምራጭ (ዳሕራይ ሃጼ የሃንስ 4ይ፡ ወተሃደራት እንግሊዝ ንሃጼ ቴድሮስ ንኽቕትሉ መንገዲ ስለ ዝመርሐ) ካብ እንግሊዛውያን ብዝተቐበሎ ህያብ ዕጥቂ ሓያል ንግስነት ክምስርት ክኢሉ ነይሩ።

እንግሊዛውያን ናጻ ናይ ወደብ ኣገልግሎት ክህብዎ እውን ቃል ኣትዩምሉ ነይሮም። እወ፡ ድሕሪ ናይ ዘበናት ትጸቢት፡ ሽቓጥ እተእትወሉን እተወጽኣሉን ወደብ፡ ኣጕዳስትካ እተርእየሉ ወደብ፡ ኣብይ'ሞ ተረኽበ፡ ገምገም ባሕሪ ኣብ ትሕቲ ዋንነት ካልኦት ህዝብታት እዩ ቀጺሉ። ኣብ ትሕቲ ደቂ ዓዲ ወይ ከኣ ምስኦም ንኤርትራውያንን ሶማላውያንን ደናክልን ሰዒሮም ዝተቘጻጸሩ ናይ ወጻኢ ሓይልታት እዩ ቀጺሉ።

# ከም ጸሎት መቕጸርያ ዝደጋገም ልማኖ ባሕሪ


ነገስታትን ሃጸያትን ኣቢሲንያ ኣብ ገምገም ንምብጻሕ ሜላ ክቕይሩ፡ ብልሓት ከምህዞን ኣዘራርባኦምን ልማኖኦምን ክለዋውጡን መርገጺት ክቕያይሩን ዝኾነርዎ ዝበሩ ምፍላጥ ኣየጸግምን። ቱርክን ግብጽን ቀይሕ ባሕሪ ክሕዙ እንከለዉ፡ ናብ ነገስታት ኤውሮጳ ከይዶም ብምስምማስ ክርስትና ምሕዛኡት ክዝብሩ ይረኣዩ። ገምገም ባሕርታት፡ ኤውሮጳውያን ክሕዝዎ እንከለዉ ድማ ሰረት ብዘይብሉ ናይ ሓሶት ታሪኽ ሰፊሕ ዋንነት ባሕሪ ከምዘለዎም ይእውጁ።

ንጉስ ሸዋ ድሒሩ እውን ናይቲ ብወራር ዝሓዞ ግዝኣታት ሃጸይ ዝበረ ምኒልክ ብረሰናዊ ሕማም ሃተፍተፍ ከም ዝብል ኣብ ኣእምሮኡ ባዕሉ ዶብት ይሰእል ነይሩ። ምኒልክ ይኹን የሃንስ ሰራዊቶም ብኣጽዋር ድሕሪ ምዕጣቖም ዝተርፎም ዝበረ ብቐንዱ ሃረር ዝበሉሉ ገምገም ባሕሪ ምውናን እዩ። ዕጥቂ ዘለዎ ኾኣ ገምገም ባሕሪ ብወራር ክሕዝ ይኽእል። ግዝኣት ናይ ምስፋሕ ዕድል ከኣ ይኸፈት ዝብል እምነት ነበሮም። ገምገም ባሕርታት ዝተቘጻጸሩ ኤውሮጳውያን ፈቒዶምሎም ወደባት ክጥቀሙ እንድሕር ክኢሎም እውን ጸቢብ ዕድል ናብ ገፊሕ ክቕየር ዘኽእል መቋመሪ እማመታት የዳልዉ ነይሮም። ብተኸታታሊ ዝነገሱ የሃንስን ምኒልክን ኑቲ ኣብ መንጎ ኤውሮጳውያን ሓይልታት ዝበረ ናይ ሓድሕድ ፍልልያት ብምምዝማዝ፡ ሓለፉ ክህቡም ናብ ዝኽእል እናሻረዉ ናብ ገምገም ባሕሪ ናይ ምብጻሕ ትምኒት ይደፍኡሉ ነበሩ።

ምስ የሃንስን ምኒልክን ብዙሕ ገምገም ባሕርታት ዝዋጽኡ ኤውሮጳውያን ሓይልታት ኑዩም ካብ ወራራት ኣቢሲኒያ ኣብቲ'ኾም ዝይፈልጡ ዕጥቂ ዝይብሎም ደቀባት ሶማል፡ ኤርትራውያንን ደናክልን ኣሳዚቦም እውን ኣይፈልጡን። ናይ ትግሬ ማስፍን ይኹን ንጉስ ወይ ንጉስ ሸዋ፡ ንፍሱ ሃጸይ ኢሉ ዝጽውዕ ወይ ሃይለስላሴ፡ ከም ጸሎት መቕጸርያ ዝደጋግምዎ ወይ ብዲፕሎማሲ ዝፍለጡሉ ናይ ልማኖ ቃል 'ገምገም ባሕሪ' እዩ። እዚም ዝዘከርናዮም ነገስታት ኣብ ዘዘበኖም ኣሎ ዝበሃል ንኤውሮጳውያን ክስሕቦ ዝኽእል ናይ መቋመሪ እማመታቶም የቐርቡ ነይሮም። ሕልምታቶም ኣብ ንጹህ ጨዋም ሐጻ ገምገም ቀይሕ ባሕርን ህንዳዊ ውቅያኖስን ክፍታሕ ቀንዲ ዝጥቀሙሉ ምስምስ ሃይማኖት እዩ ነይሩ።

ካብ ዘለናዮ ዓመት ንድሕሪት ምልስ ኢልና እሞ ምኒልክ ንጉስ ሸዋ 1878 ናብ ኤውሮጳውያን ዝጸሓፎ ደብዳበ ነንበቡ፡ "ዓደይ ካብ ዓድኹም ርሑቕ እዩ። ናብ ገምገም ባሕሪ፡ ናብ ዘይላዕ ታጁራን ዓደንን ዘብጽሕ ዝበረ መንገዲ ብኣስላም ተዓጽዩ ኣሎ። ሸቐጥ፡ ኣጽዋርን መሳርሒ ሕርሻን ክኢላታትን ሰበኽቲ ወንጌልን ናብ ዓደይ ከይኣቱ ከልኪሎም ኣለዉ። ናይ ኤውሮጳ ስልጣነ ትምህርትን ስነ ጥበብን ናብ ዓደይ ምእንቲ ክኣቱ እዚ መንገዲ ክኽፈት ደምጸ'ኹም ኣልዕል ኣብልኩም ሓግዙኒ"

እዛ ደብዳበ እዚኣ ናብ መንግስታት ፈረንሳ፡ ኢጣልያ፡ ጀርመንን እንግሊዝን ዝተጻሕፈት እያ ነይራ። መንገዲ ዝዕጸውዎ ናይ ዘይላዕን ታጁራን መሰለም ኣይኰኑን ነይሮም። መላእ ገምገም ሶማል ሐዚም ዝበሩ ግብጻውያን መጺብዞብ ባብ ኤል መንደብ፡ ሓፋን፡ ዘይላዕን በርበራን ኣብ ኣጋዴን እትርከብ ሃረር እውን ተቘጻጺሮም ነይሮም።



ምኒልክ፡ ከምቲ ሸው ኣብ ትግሬ ንግስነት ኣዊጁ ዝበረ መተሃላልኽቱ የሃንስ (ካሳ ምራጭ) ናብ ገምገም ባሕሪ ንምብጻሕ ሓገዝ ወጻኢተኛታት እዩ ዝሓትት ዘሎ። ዛጊት ንግዝኡ ኣብቲ ገምገም ንዝበሩ ከተማታት ይብጽሓሊ ወይ ግዝኣተይ ክብል ኣይረኣን። ምኒልክ ኣብ ገምገም ባሕሪ ዝበሩ ብርእሰን ዝመሓደሩ ከተማታት ሞቓዲሾ፡ መርካ ወይ ብራቫ ዝበሃላ ከም ዘለዋ እውን ሰሚዑ ዝፈልጥ ኣይመስለንን።

ምኒልክ ዝበን ናይ ጥንቲ ዓበይቲ ናይ ንግዲ ማእከላት ዝበራ ከተማታት ዘይኰነስ ንዘይላዕን ታጁራን ጥራይ እዩ ዝፈልጥ ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ዘይላዕ ኣብ ሶማሊላንድ ፡ ታጁራ ኸኣ ኣብ ጅቡቲ ዝርከብ ኮይነን ናብ ሸዋ ወይ ማእከል ኣቢሲንያ ዝኣቱን ዝወጽእን ሸቐጥ በዘን ክልተ ወደባት ጥራይ እዩ ነይሩ። ምኒልክ መንገዲ ክኽፈተሉ "ደምጸ'ኹም ኣልዒልኩም ሓግዙኒ" ጥራይ እዩ ዝበለ ዘሎ። መሴ ንባሕሪ ኤርትራ ከም ዝመቐሎ ኤውሮጳውያን ብድምጾም ጥራይ ከድምዑ ይኽእሉ እዮም ኢሉ ምኒልክ ይኣምን። ኤውሮጳውያን ኣንጻር ግብጻውያን ውግእ ክኸፍቱ ኣይከኣሎን ዝደሊ ዘሎ። ኤውሮጳውያን ብውግእ እንድሕር ሐዞሞ ኑቲ ወደብ ስለ ዘወስድዎ ድምጾም ኣልዒሎም መንገዲ ክኽፍቱሉ ጥራይ እዩ ዝጽውዕ ዘሎ።

ይቕጽል



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
| --- | --- |
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ተኩኢንሳይት |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ገሎብ ደሓን |
| 14:25 | ፍረ ጻዕሪ |
| 14:50 | መደብ ህርመት |
| 16:20 | ካብ ዞባታት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ጽባቐ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ማእገር |
| 19:40 | ቀስተ ደሕሖት |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | መልሲ ኣብ ማስመር |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | መደብ ብርሰት ኣግራብ |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ቀላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | ፈንቅል |

# ማሕበራዊ ዕብየት

*ብምትሕብባር ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ዝዳሎ*

## ዓቕሙ ዘበርኽ ክብርታቱ ዝዕቅብ መንእሰይ ንኽህሉ!



ቀሺ ኣዮቤድ ክፍለማርያም

*ሚ/ዕ/ማ/ድሕነት ናይ ምንቕቓሕን ኽዓቕን መደባት ሰሪሑ፡ ኣብ ዝተፈላለዩ ኣተከሮ ዝደልዩ ጉዳያት ናይ ዘተ መድረኻት ክካየድ ጸኒሑ ኣሎ። ኣብ'ዚ ኣብ ናይ ወከፍ ክልተ ሰሙን ዝቐርብ መደብ፡ ዘቤታዊ ኣህጉራውን ዓለማውን ጉዳያት፡ ምስ ተልእኾን ሸቶታትን ሚኒስትሪ ዝተኣሳሰሩ ሃዕቢታት፡ ሞያ ዓቕሚ ዘበርኹ ኣስተምህሮታት... ወዘተ ይቐርብ። እዚ፡ መበዝሕትኡ ግዜ ብኣባላት ሚኒስትሪ ዝወሃብ እዩ፡ ከም ኣድላይነቱ ድማ ካብ ወሽጥን ወጻእን ዝመጽኡ ኢጋይሽ እናዓደምካ ይካየድ። ከም'ዚ ዓይነት መደብ ብፍላይ ንሓደስቲ መንእሰያት ኣብ ምምሕባርን ተመክሮ ጉዳይም ሰራሕተኛታት ናብ ሓደሽ ወለዶ ኣብ ምስግጋርን ዕዙዝ ኣበርክቶ ኣለዎ። ኣብ ዝሓለፈ ግዜ ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ማሕበራዊ ድሕነት ኣቶ ምሕረተኣብ ፍስሃየ፡ "ግደ መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ ክብርታት" ብዝብል ኣርእስቲ ኣስተምህሮ ሂቡ ነይሩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ ድማ*



ኣቶ ምሕረተኣብ ፍስሃየ

*"ምሕደራ ዕዮ፡ ንምድንፋዕ ኣዕጋቢ ስራሕን ወጺኢቱን" ብዝብል፡ ኣርእስቲ፡ ካልእ ኣስተምህሮ ቀሪቡ ነይሩ። ናይ ሎሚ ጽሑፍና፡ ጸማቕ ናይ'ቲ ዝቐረበ ኣስተምህሮታት ዝምልከት ክኸውን'ዩ - ሰናይ ንባብ-*

### ግደ መንእሰያት ኣብ ምዕቃብ ክብርታት

ዕላማ ናይ'ዚ ኣስተምህሮ፡ ሃገር ምዕቃብ፡ ምዕባለትን ብልጽግናን ሃገር ምህናጽን ዝተኤጣበጠ ዓወት ናብ ዝመጽእ ወለዶ ምስግጋር፡ ሓላፍነት መንእሰያት ብምሕኳ፡ ንቕሓት ተረኺቡ፡ ሕድሪ መንእሰያት ኣብ ባህላውን ማሕበራውን ክብርታት ንምብራኽ'ዩ። ከም'ቲ ምስላ ትግራይት፡ "ሰይፍ ወመጠን ምስል ልትወለዱ፡ ወዲብ መሸንገል ሻብ ኣብረ" ማለት "ሴፍን ሃገርን ብሓደ ይወለዱ፡ ኣብ እንግድዓ መንእሰይ ድማ ይነብሩ" ዝብሎ፡ መንእሰያት፡ ዝለዓለ ጾርን ሓላፍነትን ዝስከሙ ምኳኖም ንምዝኽኻር'ዩ። ሴፍ ምልክት ሓይሊ'ዩ፡ ኣብ እንግድዓ መንእሰያት ድማ ይነብር። ሃገር ምምሕዳር፡ ምውሓስን ምብልጻግን ድማ ብተመሳሳሊ ኣብ እንግድዓ መንእሰያት ዝነብር'ዩ። ንትምህርቲ፡ ሞያ፡ ስራሕ፡ ቀዳምነታት ምስራዕ፡ ሓብራዊ ንቕሓት ምውናን ዘቖድሙ መንእሰያት ምፍራይ ድማ ልዑል ኣቓልቦ ዝወሃቦ ጉዳይ እዩ።

መንእሰይ፡ ዓንዲ ሕቖ ሕብረተሰብን ናይ ምትግባር ብቑዓት ዘለዎ ወዑይ ሓይልን እዩ። ብሉጽ መንእሰይ፡ ንጹር ራኢ ዘውንን፡ ናይ ለውጢ ሃዋርያ ዝኾነ፡ ሓያስቲ ሓሳባት ዘፈልፍልን ሓሳባቱ ናይ ምፍጻም ዓቕሚ ዘለዎን እዩ። ብዘይካ'ዚ፡ ብሉጽ መንእሰይ፡ ክብርታትን ነውርታትን ብዝግባእ ፈላልዩ ዝርኢ፡ ኣብ ምምሕዳርም ድማ ዕዙዝ ኣበርክቶ ዝነብር እዩ። ክብርታት ሓብራዊ ሕልና ሕብረተሰብ'ዩ። ሕብረተሰብ ብሰላም፡ ብሓድነት፡ ብስርዓት፡ ብርግኣትን ቅሳነትን ንኽነብርን ንኽቐጽልን ዘገልግሉ ረቛሒት ባህላዊ ሃብቲ ድማ'ዩ። ክብርታትና ንጠባይና፡ ኣመለኻኽታና፡ ኣተሓሳስባናን ተግባራትናን ዝቖጻጸሩ፡ ከም'ኡ'ውን ሓያል ጽልዋ ዝነብሩ ማሕበራውን ባህላውን ሕላገት ሕብረተሰብ'ዩ። ብተወሳኺ፡ ኣብ መንጎ ዝተፈላለዩ ክፋላት ሕብረተሰብ፡ ጥዑይ ዝምድናታት ክምስረት፡ ስረት ወሀደትን ምክእኣልን ዝኾኑ እምነታት፡ ኣተሓሳስባታትን ተግባራትን ክህሉን ክዕንበቡን ዝደርኹ ረቛሒት ሓብራዊ ጸጋታት'የም።

ሕብረተሰብ ኤርትራ፡ ካብ ጥንቲ ጀሚሩ፡ ብድኑቡዙር ሕግታት እንዳ ዝነብር፡ ጸገማቱ ኣብ መኣዲ ባይቶ ዘትዩ ግርጭታቱ ዝፈትሕን ዘመሓድርን ስልጡን ህዝቢ እዩ። ካብ ክብርታቱን ልምድታቱን ዝፈለቑ ኣብ ግዜኣም ዓሚቕ ትሕዝቶ ዘለዎም 17 ድኑቡራት ሕግታት እንዳ ክሕዋገ እውን ዝኸኣለ ህዝቢ እዩ።

ኽዘመናት ስጡምን ስልጡንን ባህሊ ከዘውትር ዝጸንሐ ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ምምጻእ መግዛእታዊ ስርዓታት፡ ክብርታቱ ክዳኸሙን ክብሕጐሩን ምኽንያት ኮይኑ'ዩ። ብመሰረት፡ ኣምሓራን ትግራይን ከም'ኡ'ውን ሚህዳውያን ስሩዕን ርጉእን ህይወት ከይመርሕ ኽዘመናት ዝተሓረመ፡ እፎይታ ከይረኸበ ግዳይ ተኸታታልን ጨቃጥን መግዛእቲ ክኸውን ተገዲዱ እዩ። ንኣብነት፡ ዓሌታዊ ፖለሲ መግዛእቲ ጣልያን፡ ከፋፊልካ ግዛእ መግዛእቲ እንግሊዝ፡ "ኤርትራ መሬታ እምበር ህዝባ ኣየድልየናን" ዝብል ፖለሲ ስርዓታት ኢትዮጵያ፡ መንነትን ክብርታትን ኤርትራውያን ክብሕጐግ፡ ብዓቢ ዓቕሚን ሸርሕታትን ዝተሰርሓሉ'የም።

ሓደ ሕብረተሰብ ባህሉ፡ ወግዑ፡ ክብሩ፡ ልምዱ፡ ያትኡ፡ ንያቱ፡ ስውያኡን ጸዋኡን ከተጥፍእ እንተደሊኻ፡ ቋንቋኡ ከተጥፍእ ኣለካ ዝብል መርሆም ስነ-ሓሳብ ኣሎ። እዚ ከኣ ቋንቋ ዝኣም ተሰኪሙ ናብ ወለዶታት ዘሲጋግር መሳልል ስለ ዝኾነ'ዩ። ንኣብነት፡ ብስርዓት ሃይለስላሴ ዝተገብረ ምትካእ ወግዓዊ ቋንቋታት ትግርኛን ዓረብን ብኣምሓርኛ፡ ከም'ኡ'ውን ምቅጻልን ምስዋርን መበቆላዊ ጽሑፋት ኤርትራ፡ ዕላማኡ ባህሊ ሕብረተሰብና ስሪዙ፡ ብዑዓዊ ባህልን ያታን ንምቕያር፡ ንሕብረተሰብ ኤርትራ ድማ፡ መንነቱ ቀንጢጥካ፡ ባርያ ንምግባር ዝዓለመ ምንባሩ፡ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ ኣብነታት እናሰዐ ኣረዲኡ፡ "ይኹን'ምበር፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝ'ዚ ትም ኢሉ ኣይረኣየን፡ መሪር ቃልሲ እናካየደ፡ መንነቱ ክዕቅብ ክኢሉ" ዝበለ ኣቶ ምሕረትኣብ፡ እቲ፡ ኣብ ሜዳ፡ ብህዝባዊ ግንባር ዝካየድ ዝነበረ፡ መንነትን ክብርታትን ናይ ምዕቃብ ሰራሓት፡ ከም'ኡውን፡ ብመገዲ ክፍሊ ባህሊ፡ ክፍሊ ዜና፡ ቤት ትምህርቲ ካድር፡ ዋዕላታትን ሰሚናራትን ዝግበር ዝነበረ ንቕሓትን ኣስተምህሮታትን፡ ኣብ ኤርትራውያን ሓብራዊ ንቕሓትን ሕልናን ክኸሰኽሰ ከምዝተሓገዘ ኣብሪሁ። ተራ ናይ'ቶም ኣብ ወሽጥን ወጻእን ኤርትራ ዝዘርግሑ ዝነበሩ መጽሔታትን ጽሑፋትን ማለት - ፊተውራሪ ማሕታ፡ ፍጻመታት/ሶግም፡ ጨፌራ-ጥዑና፡ ዂብራቕ... ወዘተ እውን ቀሊል ከምዘይነበረ ኣገንዚቡ። ሕጂ'ውን እንተኾነ፡ መንእሰያት ናይ'ዚ መድረኽ፡ ኣብ ምዕቃብ መንነት ንዘጋጥሞ ዘሎ ብደሆ፡ ካብ'ቲ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ዝነበረ ከም ዘይፍለ ተገንዚቦም፡ ብመገዲ ዓውለማን ካልእን ንዝመጽኦም ዘሎ ጽልዋን ብደሆን ብልዑል ንቕሓት ክምክትዎ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ሓላፍነቶም ምኳኖም ኣተሓሳሰበ። ምስ'ኡ'ውን እቶም ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዓወት ዘብጽሕዎ ክብርታቱ ማለት ሓድነት፡ ሓብራዊ ረቡሓን ተወፋይነትን፡ ማዕርነት፡ ርእሰ ምርኮሳ፡ ብጻይነት፡ ዲሲፕሊን፡ ፍቕሪ ስራሕን ትምህርትን ወዘተ፡ ዕጥቂ መንእሰያት ክኾኑ ከምዝግባእ ተላቢዩ። መንእሰያት ንምግጋይ፡ ብማሕበራዊ መራኸቢታት ንዝጋዋሕ በላብልውን ስነ-ኣእምሮኣዊ ኩናትን፡ ምብላል ወርጡይ መወስቦኣዊ ዝምድናታትን ኣዕነውቲ ወልፍታትን፡ ልዑል ትኹረት ገይሮም ክቃለስዎ፡ ንዘጠዘሐ ግዜኦም ድማ፡ ዓቕሞምን ሞያኦምን ኣብ ምምዕባል ክጥቀሙሉ ኣዘኻኺሩ።

### ምሕደራ ዕዮ፡ ንምድንፋዕ ኣዕጋቢ ስራሕን ወጻኢቱን

ክፍሊ ዕዮ ሚኒስትሪ፡ ስትራተጅያዊ ቀዳምነታቱ ንምዕማም፡ ንጹር ራኢ ሰኢሉ'ዩ ዝዮጽ። ንኹሎም ዜጋታት ሃገር ኣዕጋቢ ስራሕ ንምርግጋጽ ከኣ ብዕቱብ ይሰርሕ። ምድንፋዕ ኣዕጋቢ ስራሕ፡ ኣብ ፖለሲታት ብዝግባእ ዝሰፈረ፡ ከም'ኡ'ውን ኣብ ሕጋጋት ዕዮን መደባቱን ዝሰጥፍ ሃገራዊ ስርዓት-ኣተኣላልያ ዘለዎ እዩ። ኑቲ ብኣላይነት መንግስቲ፡ ማሕበራውያን መሻርኽቱን ዞባዊ ምምሕዳራትን ኣብሉ ንዝካየድ ዕማማት ዕዮ ከኣ የጠቓልል። ካልእ፡ ኣዕጋቢ ስራሕ፡ ክልቲኡ ጾታ ኣብ ምፍራይ ኣቑሑ ወይ ኣብ ምሃብ ኣገልግሎት ዝዓይዎ ንጥፈት እዩ። ኣብ ትሕቲ ምሉእ ናይ ስራሕ ናጽነት፡ ማዕርነት፡ ውሕስነት፡ ማሰላትን ሰብኣዊ ክብርን ድማ ይፍጸም።

"ዕዮ ብዝግባእ ምስ ዝመሓደር፡ ኣዕጋቢ ስራሕ ይረጋገጽ። ኣዕጋቢ ስራሕ ድማ ኣፍራይነት ብምዕባይ ማዕርነት የስፍን። ድኽነት ድማ የወግድ። ከም ወጽኢቱ፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ይሃንጽ" ክብል ኣብ ሰሚናሩ ዝገለጸ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ፡ ብደረጃ ሃገር፡ ማሕበራዊ ፍትሒ ንምስፋን ዝተፈላለዩ ፖለሲታት ማሕበራዊ ምዕባለ ተሓንጺጾም ይሰርሓሉም ስለ ዘለዉ፡ መንእሰያት፡ ክፈልጥዎን ክጥቀሙሉን ኣዘኻኺሩ። እዞም ፖለሲታት ምድንፋዕ ኣዕጋቢ ስራሕ፡ ኣብ ግብሪ ዝውዕሉ፡ ሞያ ዝዓጠቐ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ - ብፍላይ መንእሰያት ምስ ዝህልዉ ዝረጋገጽ ስለ ዝኾኑ፡ ኣብ ስራሕ ተዋፊሮም ዝርከቡ መንእሰያት፡ ንሞያኦምን ዓቕሞምን ንምብራኽ ኣበርቲዖም ክጽዕቱ ከምዝግባእ ኣረዲኡ።

ኣብ'ቲ ንሰኪድ መጽናዕቲ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ሚ/ዕ/ማ/ድሕነትን ብምትእስሳር ዝቐረበ ኣስተምህሮ፡ ሓበሬታ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ምህላው ኣብ ዕብየትን ምዕባለን ዜጋታት፡ ክሳብ ክንደይ ኣገዳሲ ምኳኑ'ዩ ኣቶ ወልደየሱስ ኣብሪሁ። ንሱ፡ "ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ናይ ሃገር፡ ብዘበለ ህዝቢ ናይ'ታ ሃገር ከም ዝወሰን ፍሉጥ'ዩ። ንጹር ሓበሬታ ናይ'ዚ ምህላው ድማ፡ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ብዝግባእ ንምምሕዳር ይሕግዝ። ዕዮ ተለዋዋጥን ተሓላለኽን ባህርያት ኣለዎ። ምምሕዳሩ ድማ ዝ ባህርያት ኣብ ግምት ዘእተወ ክኸውን ግድን'ዩ" ድሕሪ ምባል፡ ዕዮ ድማ ብሰለስተ ኣገባብ ማለት፡ ብመንግስቲ፡ ብዕዳጋ፡ ብወሀደት መንግስትን ዕዳጋን ከም ዝመሓደር ኣገንዚቡ። ይኹን'ምበር፡ ብጽሬትን ብቑዓትን ክመሓደር እንተ ኾይኑ፡ መመሓደሪ ፖለሲታት፡ ሕግን ሕጋጋትን፡ ብቑዓትን ክእለትን ዘለዎ ዓቕሚ ሰብ ማሰረታዊ ምኳኑ ብሰፊሑ ኣረዲኡ። እዋናዊ ሓበሬታ ዕዳጋ ዕዮን ኩነታት ዕዮን ምህላዉ ድማ፡ ኑቲ ዘሎ ዕዮ ዝያዳ ብቑዕ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ኣብ ምድላው ከም ዝሕግዝ ኣገንዚቡ።

ኣብ ኤርትራ፡ ወግዓዊ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ፡ ዕድመኡ ካብ 14 ክሳብ 64 ዓመት ዘሎ እዩ። ኣብ'ዚ ክሊ ዕድመ ዝርከብ ዜጋ 53.3% ክኸውን ከሎ፡ ካብ'ዚ እቲ 77.5% ኣብ ንጡፍ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ይርከብ። ኣብ ንጡፍ ዓቕሚ ሰብ ዝርከብ ዜጋ፡ ብቐንዱ እቲ ሃገር ኣብ ኩሉ ጽላታት እትጠልቦ ዕድመ መንእሰይ ስለ ዝኾነ፡ መንእሰያት ተሰኪሞሞዎ ዘለዉ ሓላፍነትን ጾርን ከቢድ ምኳኑ ተገንዚቦም፡ ብዕቱብ ክሰርሑ ኣቶ ወልደየሱስ ተላብዩ። መጠን ንጡፍ ዓያዩ ዓቕሚ ብመዝጸር ጾታ ክርኢ እንከሎ ከኣ፡ ደቂ ተባዕትዮ 82.9%፡ ደቂ ኣንስትዮ ድማ 72.8% ስለ ዝሓቁፍ፡ ተራን ኣበርክቶን ኣብ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ሓንቲ ሃገር፡ ናይ ክልቲኡ ጾታ መንእሰያት ብቑዓምነት ዝሰርዕ ምኳኑ ዘመልክት ከምዝኾነ፡ ኣቶ ወልደየሱስ ወሲኹ ሓቢሩ።

ምስ ሰንከልና ካብ ዝነብሩ ዜጋታት እቶም 46% ጥራይ ኣብ ዘይንጡፍ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ይምደቡ። እዚ ከኣ ኣገዳሲ ዘተባብዕ እዩ። እንተኾነ፡ ካብዚኦም እቶም 3.8%



ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ

ንጡፋት ጸይቲ ናይ ምኳን ተኽእሎ ምህላው፡ ንስንኩላን ኣብ መደብ ምድንፋዕ ሽቕለት ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ዝዕድም ከም ዝኾነ ኣብ'ቲ ሰሚናር በሪሁ።

መጠን ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ሓንቲ ሃገር ዝሎ ዘይተማልአ ጠለብት ሽቕለት ዝዕቅን ሓባሪ መዐቀኒ እዩ። መጠን ሽቕለት ኣልቦነት ኣብ ኤርትራ 3.8% ክኸውን ከሎ፡ እቲ ዝለዓለ መጠን ሽቕለት ኣልቦነት (6.2%) ድማ፡ ኣብ ከተማ ይርከብ። ስራሕኻ እኹል እዮት ዘይረክቦ ማለት መጠን ዘይኣርባሒ ሽቕለት ከኣ፡ 12.6% ምኳኑ ተጠቒሱ።

ዝጠዘሐ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብና ብመንግስቲ ተቐጺሩ ዝሰርሕ ምኳኑ ምዝኻር ኣገዳሲ'ዩ። ምስ ምዝርጋሕ ወፍርን ምጅማር ናይ ዕደና ካምፓኒታትን ከኣ ኣብ ሽቕለት ኣልቦነት ይኹን ዘይኣርባሒ ሽቕለት መሰረታዊ ለውጢ ክመጽእ ግድን እዩ። ስለዚ፡ ሞያ ዝዓጠቐ፡ ቴክኖሎጂ ዝመልኽ ዓያዩ ዓቕሚ ሰብ ምድላው፡ ይጽናሓለይ ዘይብሃሎ፡ ናይ ምትግባር ዓቕምና ዘበርኽ ብምኳኑ፡ መሰረታዊ ቅድመ ኩነት ናይ'ታ እንምነያ ብልጽግትን ምዕባለትን ኤርትራ እዩ። ኣብ'ዚ ብዝለዓለ ዝዋሰኡን እንግድዓኦም ዘወፍዩን ድማ፡ መንእሰያት ስለ ዝኾኑ፡ ከም'ዚ ዓይነት ሰሚናራትን ኣስተምህሮታትን ብሸሉ መልክዑ ክቕጽልን ክሰፍሕን ተሳተፍቲ ዝሃቡና ርእይቶን ለበዋን እዩ።

# ቃለ- መሕትት

ኣብርሃም ዘርኣ (ወዲ-ሃለቃ)

## “ምጥቃም ትሕዝቶኦም ዘይትፈልጦ መመላኽዒታት ኣብ መወዳእታኡ፡ ኣካላውን ስነ-ኣእምራውን ዕንወት እዩ ዘኸትል” - ፋርማሲስት ሄቨን የሃንስ

*ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ካልኦት ሃገራት ብፍላይ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ዘይተፈልጡ ዓይነታት መመላኽዒታት ብስፊሕ ክዝርግሑ ጀሚሮም ዘለዉ* — *ኣብዚ ሕጂ እዋን ኣብ ሃገርና ይኹን ኣብ ካልኦትን ሓላሊፎም ክዘውተሩ ጀሚሮም ዘለዉ ኣካላት ዘጎድኡ ዘይሕጋውያን መድሃኒታትን መመላኽዒታትን ኣብ ደቂ-ሰብ ዘውርድዎ ጉድኣት ሳዕቤናትን ኣመልኪትና፡ ኣብ ሃገራዊ ቀጻጸሪ መድሃኒትን መግቢን ሚኒስትሪ ጥዕና ኣሃዱ ፋርማኮቪጂላንስ (Pharmaco-vigilance)፥ ብደረጃ ፋርማሲስት ተመዲባ ምስ እትሰርሕ መንእሰይ ሄቨን የሃንስ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ተኸታታሊ ቃለ መሕትት ከም ዘቀረብና ይፍለጥ። ንሎሚ ድማ 3ይን መወዳእታን ክፋሉ ይስዕብ።*

***ሕቶ - እዞም ዝዘርዘርክዮም ዘለኺ ማእለያ ዘይብሎም ኣብ እንዳ ኮስመቲክስ ዝርከቡ ዝተፈላለዩ ዓይነት መመላኽዒታት፡ ህዝብና መታን ክፈልጦን ክጥንቀቐሉን እንታይ ጉድኣታዊ ሳዕቤናት እዮም ዘለዎም?***

ከም’ቲ ኣቐድም ኣቢለ ክጠቕሰልካ ዝጸናሕኩ፡ ሓደ ባዕዳዊ ነገር ናብ ኣካላትካ ተእቱ ክሳብ ዘለኻ፡ ዝኾነ ሳዕቤን ክትርእየሉ ባህርያዊ እዩ። እቲ እንበሎ ዘለና ሳዕቤን ክንእሰን ክዕብን ጥራሕ እዩ ዝኽእል። ሕጂ ኣብዚ ጸቒጠ ክሰምረሉ ዝደሊ፡ ምጥቃም መመላኽዒታት ዝያዳ ኣሰክፊ ዝኾነ፡ እቶም መመላኽዒታት መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ወይ ሓደገኛ ኬሚካላት ምስ ዝርከቦም እዩ። ብዙሓት ካብዞም እንዝረብሎም ዘለና መመላኽዒታት ማርከሪ (ባዜቃ) ትሕዝቶ ዘለዎም እዮም። ማርከሪ ሕብሪ ቆርበት ናይ ምኽላዕ (ምብራህ) ባህሪ ኣለዎ። ኣብ ሓጺር እዋን ነቲ ተጠቃሚ ዘይባህርያዊ ሕብሪ ከም ዝህልዎ ይገብር እዩ። ማርከሪ-ሓዘል መመላኽዒታት ንነዊሕ ግዜ ምጥቃም፡ ማርከሪ ናብ ኣካላትና ተመጺዩ ከም ዝኣቱ ይኸውን እሞ፡ ንዝተፈላለዩ ናይ ጥዕና ጸገማት ከም ዕንወት ኣብ ኩሊት፡ ሰርዓት መትኒን ሰናቡእን ከቃልዓና ይኽእል። ብተወሳኺ፡ ካልኦት ብዙሓት’ውን መድሃኒት ሓዘል ትሕዝቶ (ከም ሃይድሮኪኖን፡ ስቴሮይድስ ዝኣመሰሉ) ዘለዎም እዮም። እዚኦም ምናልባት ኣብ ገለ እዋን ብናይ ቆርበት ሓኪም ንናይ ቆርበት ሕማማት ክፍወሱ ተባሂሎም ይእዘዙ እዮም። ብኣደ ዋኒኖ፡ ብዘይ ኣፍልጦ ብዓል ሞያ ጥዕና፡ ካብ እንዳ ቤት መመላኽዒታት ገዚእካ ንነዊሕ ኣዋርሕ ወይ ዓመታት ክትጥቀመሎም እንከለኻ ግን፡ ብዙሕ ሓደገኛ ሳዕቤናት ዘለዎም እዮም።






***ሕቶ - ከመይ?***

መብዛሕትኡ ግዜ እቲ መጀመርታ እንርእዮ ምርቃቕን ምንዳርን ቆርበት እዩ። ቆርበት እንድሕር ደኣ ኑዲሩን ረቒቑን ከኣ፡ ንዝተፈላለየ ጸገማት ዝተቓላዕካ ትኸውን ማለት እዩ። ቆርበትና ኣርቂቕ እንተ ደኣ ኣለና፡ እቲ ቀዳማይ ደረጃ ናይ ስርዓተ ምክልኻልና ኑዳኽዎ ኣለና ማለት እዩ። ቆርበትና ኣዝዩ ረቒቕንን ተኣፋፍን ይኸውን’ሞ፡ ንዝተፈላለዩ ባዕዳውያን ነገራት ተቓላዕቲ ንኸውን። ብፍላይ ከኣ ንኣልትራቫዮሌት ጨረራታት ናይ ጸሓይ ክጻወር ኣይክእልን’ሞ፡ ንሓደጋ ኣዚና ዝተቓላዕና ንኸውን። ንዝኾነ ዘድር ነገር’ውን ተቐጻዒት ንኸውን።

***ሕቶ - እሞ ቆርበትና ኣብ ከምዚ ዓይነት ደረጃ ወጺኡ ብናይ ብርሃን ጸሓይ (ኣልትራቫዮለትስ) እንተ ደኣ ተጠቒዑ እንታይ ጸገም ከምጽኣልና ይኽእል?***

መጽናዕትታት ከም ዘረጋገጽኦ፡ ንጨረራታት ኣልትራቫዮለት ንነዊሕ ግዜ ምቅላዕ ናይ ቆርበት መንሽሮ ከስዕብ ተኽእሎታት ኣለዎ። እዞም ቆርበት ዘቕይሩ መመላኽዒታት’ውን ነቲ ቆርበት ምርቃቕን ምንዳርን ጥራሕ ዘይኮኑ፡ ኣብ ቆርበት እውን ካልእ ሳዕቤናት ክገብሩ ይኽእሉ እዮም።

***ሕቶ - ኣብነት እስከ ሃብና?***

ንኣብነት፡ ፈጺጋ፡ እቶም መመላኽዒታት ምስ ተጠቀምናሎም፡ ንምፍዋሱ ኣሸጋሪ ዝኾነ ፈጺጋ’ውን ከስዕቡልና ይኽእሉ እዮም። ካልእ ምቕያር ሕብሪ ቆርበት (ስኪን ዲስኮለረሽን) ከምጽኡልና’ውን ይኽእሉ እዮም። ቆርበት ዘቕይሩ መመላኽዒታት ንጓል-ኣንስተይቲ ንሓጺር እዋን ኣዚያ ቀያሕን ተባህጊትን ኰይና ከም ትረአ ክገብሩ ይኽእሉ እዮም። ድሕሪ ገለ እዋን ግዱ እቲ ቆርበታ ይዓኑን ይፈርስን። ከም ሳዕቤኑ፡ ጸለሎ ትመስል። ምቕያር ሕብሪ ቆርበት ክንብል እንከለና፡ ኣብ ቆርበት ሓሓሊፉ ዝርኣ ጸለም ሕብሪ ክኸውን ይኽእል ወይ ቆርበት ምሉእ ብምሉእ ይጸልም። ብተወሳኺ፡ ቆርበት ዘቕይሩ መመላኽዒታት ኣብ ካልኦት ክፋላት ኣካላትና’ውን ሓደገኛ ሳዕቤን የኸትሉ እዮም። ንኣብነት፡ ዕንወት ኩሊትን ጸላም ከብድን ከስዕቡ ይኽእሉ። ካብዚ ሓሊፉ ዝተፈላለዩ ዓይነታት ሕማም መንሽሮ (ካንሰር) ከምጽኡልና ይኽእሉ። እዞም ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሱን ካልኦት ጎድናዊ ሳዕቤናትን ድማ፡ ኣብታ ጓል ኣንስተይቲ ኣካላዊ ጉድኣትን ከበድ ስነ-ኣእምራዊ ጸቕጥን የስዕቡ።

***ሕቶ - ስለምንታይ እዩ ገለ ደቂ ኣንስትዮ፡ ናብ ከምዚ ከኣታት ዝኣትዋን ሕብሪ ቆርበተን ክቕይራ ዝደልያን ትብሊ?***

ስለምንታይ እያ ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ከምኡ ትገብር ዘላ እንተ ደኣ ኢልና፡ በቲ ዘለዋ ትርኢት ስለ ዘይትዓግብ፡ ከምታ ዝኣልታ ማሰላ ኣብ ቅድሚ ሕብረተሰብ ክትቀርብ ኣይትደልይን ኢያ። ብተወሳኺ ከም’ዚ ዝገለጽናዮ፡ እቶም መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መመላኽዒታት ንነዊሕ እዋን ምስ ተጠቐምናሎም ኣብ ቆርበት ሰፍ ዘይብል ዕንወት ምስ ኣምጽኡ’ውን፡ ነቲ ንሳ ኣምጺኦሞ ዘለዉ ዕንወት መለሰካ ንምፍዋስ ተባሂሉ ናብ ካልእ ዘይተደለየ ኬሚካላት ምኻድ ዘይተርፍ ይኸውን ማለት እዩ። ንኣብነት ሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ መመላኽዒ ተጠቒማ ቆርበታ ኣመና እንተ ደኣ ኑዲሩን ፈጺጉን ወይ ማዳ ገይሩ፡ ንዕኡ ንምፍዋስ መሊሳ ናብ ካልእ መመላኽዒታት እያ ትኸይድ። እዚ ከኣ ንበሱ ዝኸኣለ ጸቕጢ ዘለዎ ኮይኑ ነቲ ብዙሕ ንበሰኻ ዘለካ ግንዛበን ስምዒትን ከም ዝትሕት ይገብር። ከም ሳዕቤኑ፡ ጥዕናውን ስነ-ኣእምራውን ዕንወት የኸትል ማለት እዩ። ብኡ መንጸር ርእሰ ምትእምማንካ ይጎድል።

***ሕቶ - እሞ ሳዕቤናቱ እዚ ካብ ኮነ ብኸመይ ደኣልና ክንፍወሶ ንኽእል?***

ኣዝዩ ጸቢቕ ሕቶ እዩ። ኩሉ ግዜ ሓደ ነገር ፍታሕ ክተምጽእ እንተ ደኣ ኼንኻ፡ ነቲ ጠንቂ ካብ ሱሩ ክተለልዮ ኣለካ (root cause analysis ክትገብር ኣለካ)። እቲ ቀንዲ ጠንቁ ዋሕዲ ኣፍልጦ እዩ። ስለ’ዚ እቲ ቀንዲ መፍትሒ ድማ እቲ ግንዛበን ርድኢትን ናይ ሕብረተሰብና ምብራኽ ይኸውን ማለት እዩ።

***ሕቶ - ብኸመይ’ም?***




ብመራኸቢ ብዙሓንን ብስቡሞያ ጥዕናን ከምኡ’ውን ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ግንባርን ቀጻልን ዘቋርጽን ጎስጓስ ክካየድ ኣለዎ። ቀጻሊ ናብ ህዝቢ ብፍላይ ከኣ ናብ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ ዝዓለመ ጎስጓስ ክህሉ ይግባእ። ኣብ መራኸቢ ብዙሓን ሃገርና፡ ከምኡ’ውን ብመንገዲ ፍርያት ስነ-ጥበብ ሃገርና ቀጻሊ ጎስጓሳት ክግበር ኣገዳሲ ኮይኑ ይስመዓኒ። ብዓበኡ ከኣ ሚ/ሪ ጥዕና፡ ህዝቢ ብልክዕ እንታይ እዩ ክጥቀም ዘይብሉ፣ ሳዕቤናቱኸ እንታይ’ዩ፡ ብኸመይ’ዩ ክከላኸሎ ኣለዎ . . . ምእንቲ ክትቅሕ ሓያል ጎስጓስ ክገብር ኣለዎ ማለት እዩ። ነቲ ዘለና ጉድለት ናይ ኣፍልጦ ወይ ንግጉይ ኣጠማምታና ዝእርሙ ስነ-ፍልጠታዊ ትምህርቲ ብምሃብ ጥራሕ ኢና ክንብድሆ እንኽእል። ብተወሳኺ’ውን ሚ/ሪ ጥዕናን ኩሎም ዝምልከቶም ኣካላት መንግስትን ነቶም ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ናብ ሃገር ዝኣትዉ መድሃኒታዊ ትሕዝቶ ዘለዎም መመላኺዒታት ኣብ ተጠቀምቲ ሰፍ ዘይብል ሓደጋ የውርዱ ብምህላዎም፡ ዕቱብ ቁጽጽርን ዘዋቢ መቕጻዕትን ክገብሩሉ ይግባእ። ስለ’ዚ ናይ ኩላትና ሓብራዊ ብደሆ ክሳብ ዘኾነ ኣደን ጓንትን ኳንና እንተ ደኣ ሰሪሕና ኢና ነዚ ጸገም’ዚ ክንምክቶ እንኽእል።




***ሕቶ - ዝተረፈ እንተሎ ከም መጠቓለሊ ዕድል ክሀበኪ?***

ደጊመ ክዝረበሉ ዝደሊ፡ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒታትናን መመላኽዒታትናን ንቑሓት ክንከውን ኣለና። ተረኺብ ኢልካ ኣልዒልካ ምጥቃም ዘይከኑ፡ ብልክዕ እንታይ ኢና ንጥቀም ዘለና ክንፈልጥ ይግባኣና። ምኽንያቱ ከም’ዚ ዝበልናዮ፡ ዳሕራይ ከበድ ጸገም ስለ ዘለዎ። ንእገለ ከም’ዚ ዓይነት ወጽኢት ኣምጺኡሉ ኢልና ኣብ ኣካላትና ክንጥቀመሉ ኣይግባእን። ናይዞም መመላኺዒታት ዝያዳ ኣሰካፊ ዝገብሮ፡ ከም መድሃኒታት ነዊሕ መስርሕ ናይ ምርምርን መጽናዕትን ተኻዪዱሎም ኣይከኑን ኣብ ኢድ ተጠቀምቲ ዝበጽሑ። ኣብቲ ዝፈሪ ዘሎ መመላኽዒታት፡ እቲ ትካል እንታይ ከሚካል እዩ ዘእቶን ዝጥቀምን ዘሎ፡ እቲ ትካል እዩ ዝፈልጦ። እቲ መመላኽዒ ኣብ ቆርበትካ ክትገብሮ እንከለኻ ግዱ እንታይ ከጋጥመካ’ዩ ንስኻ ጥራሕ ኢኻ ትፈልጦ። ምኽንያቱ ዝኾነ መጽናዕቲ ኣይተገብረሉን። እዚ’ዩ ከኣ እቲ ዝያዳ ኣሻቃሊ ዝገብሮ። ሕጂ ዘይርካ ዘይርካ ብምስራሕ ኣብ ኣጠቓቕማ መድሃኒታትን መመላኽዒታትን ንቑሓት ክንከውን ኣለና’ያ፡ እታ ናተይ መልእኽትን ለበዋን፡ ብፍላይ መንእሰያት ደቂ-ኣንስትዮ እንጥቀመሉ መመላኽዒ፡ ብኣፍልጦ ወይ ንብዓል ሞያ ጥዕና ብምውካስ ክኸውን ይግባእ ኢለ እላቦ።



**የቐንየልና!**

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ - ሓበን ገብረኣምላኽ

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ለተትንሳኤ ክፍለ ሃብተገያርገስ ምግል ተሪፉ፡ ለተትንሳኤ ከፈላ ሃብተገያርገስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን13/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ቢኒሀር ተስፉይ ምግል ተሪፉ፡ ቢንያም ተስፉይ ገብረሂወት ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ነብል ሮሞዳን ሓምድ፡ ኣደይ ጸገ ብርሃ ገብረሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምኻነይ ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ መኣዛ ኢሳቕ ጸጋዝኣብ፡ ኣቦይ ኢሳቕ ጸገዝኣብ ዘወልዲን ኣደይ ልኡላ ሕሩይ ገብረኣየሰሰን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምኻንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ወይኒ ተኽለ ጸጋይ፡ ተጸዋዒ ኣቶ ጳውሎስ ዘርኣይ ጊላይ፡ ብዛዕባ ሞግዚትነት ናይ ወድኻ ዝምልከት ክሲ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን8/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ይክኣሎ ሃብተ ተከኤ፡ ብሀያብ መልክዕ ዝተዋህበኒ ብቑ/ምስክር ወረቐት 301959 መወከሲ ቁ300500 ዝተመዝገበ ኣብ ከረን ከባ. 05 ዝርከብ ቀዋሚ ንብረት መንበሪ ገዛ ይጽደቐለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ወ/ሮ ሽርዋሌት ጋይም ድራር፡ ብመንገዲ ሕጋዊ ወኪሉ፡ ብዓል ቤተይ ፍቓክ ፋደጋ ድራር ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 2 ደቅና ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ከሳሲት ወ/ሮ ገርግሽ ገብረወልዲ ክፍሉ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ኣብድ ቦኽረጼን ኣርኣያ፡ ናይ ሰሸል መዘዙብ ተኸፊቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን6/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ቕረብ። እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ።

ምየጥና ተከስተ ሓጎስ፡ ብዓልቲ ቤተይ ለተኪዳን ጋይም ዘርኦሚካኤል ስለዝዋረፈት፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ ማሰለይ ይተሓለወለይ፡ 7 ደቀይ ከኣ ወረስቲ ምኻናም ይረጋገጸለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/04/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

---

ብስም ጣሀር ዓብደልቃደር በሽር ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን AS-L00042201ASL00042202 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ጸጸራት ጎደና ቤት መኻእ ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ መጥሓን እኽልን መሸጢ. እኽልን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሂወት ኣረፋይኔ ምናሹ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ኣኽርያ ጎደና ዓዲ ንፉስ ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/01/2025 ክሳብ ዕለት 31/12/2027 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀርቦ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ጣሀር ዓብደልቃደር በሽር
ሕጋዊ ወከል መሰጦፋ ኣሕመድ ቁስመላህ

---

ኣብ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ማእከል ከተማ ጎደና ማርሳፋጥማ 1A173 ፕሎት 30 ቁ.ፓርሰል ዞን ASP00810318 ፓርሰል A ስፍሓት መሬት 166.63 ት/ሜ 3+ ቀንዲ ክፍልን 4+ ተሓጋገዝቲ ክፍሊ. ዝተደኮነ፡ ብመለለዪ ቁ.ንብረት 1/008319 ብስም ነ/ሄር ኣልፋ ጊላማርያም ተስፉ ዝተመዝገበ ብለቦዋ ዝበደፈትለይ፡ ናብ ስመይ ከሰጋገር ስለ ዝኾንኩ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ. 30 መዓልቲ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መኣገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂለሉ እንተኺይሩ ውሳኔ ሐዚ ናብ ሃገራዊ ቤት ጽሕፈት ካዳስትራልን ቤት ጽሕፈት ኖታሪ ይቕረብ። እንተ ዘይቀርብ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ሰነዳተይ ጉዳየይ ክውድእ ምኻነይ እሕብር።

ወ/ሮ ገነት እስቲፋኖስ ዘርኢት

---

ብስም ኣኽሊሉ ታደሰ ዑቕባሚካኤል ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00040317 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ኣከለጉዛይ ቁ.ገዛ 52 ዝርከብ ናይ ኮስሞቲክስ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሳባ ኣብርሃም ጊሉ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ገዛ ባንዳ ጎደና ገርሳሒቶ ቁ.ገዛ 05 ካብ ዕለት 01/01/2021 ክሳብ ዕለት 31/12/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀርቦ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ኣኽሊሉ ታደሰ ዑቕባሚካኤል
ሕጋዊ ወከል ግርማይ ዞሚካኤል

---

ብስም ቢንያም ገብረመስቀል ሃይለ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋኒን ASL00042927 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና 119-11 ቁ.ገዛ - ዝርከብ ናይ መሸጢ. ኤሌክትሮኒክስ መጸገንን መምልኢ. ፊልምን ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሶፍያ ዓንደሚካኤል ሃብተጸዮን፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ንኡ/ዞባ ኣኽርያ ጎደና 132-20 ቁ.ገዛ - ካብ ዕለት 01/03/2025 ክሳብ ዕለት 28/02/2028 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ. ምልክታ እዚ. ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀርቦ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ንፈልጥ።

ቢንያም ገብረመስቀል ሃይለ
ሕጋዊ ወከል ኣቦ ሚካኤል ኣሰገዶም


---


ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን
ERITREISCH - DEUTSCHE VEREIN
ERITRO - GERMAN ASSOCIATION

ብዕለት 29 መጋቢት ተቐጺሩ፡ ብምኽንያት ጉድለት ምልኣተ ጉባኤ ግና ዝተቛረጸ፡ ናይ ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ሕጂ ውን ንኹሉ ኣባል ማሕበር ኤርትሮ ጀርመን፡ ንኽሳተፍ ብጥብቂ እንዳ ኣታሓሳሰብና፡ ሓፈሻዊ ጉባኤ፡ ንኻልኣይ ግዜ ንዕለት 12 ሚያዝያ፡ ልክዕ ሰዓት 3:00 ድ.ቐ ክካየድ ምዃኑ ንሕብር።

TEL: 122193


---



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና ፍቕሮ ሓውና ኢያብ ወልደሰላሴ ኣሰገዶም ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ስነ ስርዓት ቀብሩ ዝተሳተፍኩም፡ ኣብ ገዛና እናተመላለስኩምን ካብ ወጻኢ. ሃገር እናደወልኩምን ዘጸናናዕኩምና ቤተሰብን ፈተውትን ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ሓዘንና ከምዘየጸና ንገልጽ።


ሓፍቱ ኣልጋሽ ወልደሰላሴን
ምሉኣት ስድራቤትን



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ኣዚና እተፍቕራ ክብርቲ ኣዴና ወ/ሮ ሮማ ሓደራ ህብትዝጊ. ዝተሰመዓና ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ግዜ ሕማማ ዝበጻሕኩምና፡ ዝቃበርኩምና፡ ኣብ ሓዘንና ዝተመላለስኩምን ካብ ወሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ስድራቤት ብርሃ በየነ
ምስ ምሉኣት ስድራቤት



### ምስጋና

ብዕረፍቲ ብዓል ቤተይ ተስፉማርያም በላይ መሓሪ ዝተሰመዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ መካነ መቓብር ኣርባዕተ ኣስመራ ዘቃበርኩምና፡ ካብ ወሽጥን ወጻእን ብኣካልን ብቴሌፎንን ዘጸናናዕኩምና ሕሰም ኣይትርከቡ የቐንየልና እናበልና ሓዘንና ንገልጽ፡፡

ብዓልቲ ቤቱ ጸገርማይ ደብሳይ ምስ ደቃን
ምሉኣት ስድራቤትን

---

## ምልክታ ጨረታ

ሚ/ፋይናንስ ንስራሕ ዘጥቀመለን 33 መካይንን 2 ሞተር ሳይክልን 4 ናይ ባተሪ ብሽክለታ፡ ንምሕጻብን ምጽራይን (ላቫጆ) ምልካይ ግሮሶን ምስኡ ዝኸይድ ኣገልግሎትን ዝሀብ ትካል ኣውዳዲሩ ውዕል ክኣትው ይዕድም፡፡

ተጫረትቲ ትካላት ከማልእዎ ዘጕበኣም ቅጥዕታት

1.ናይ 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ንግድን ናይ ዋና ትካል ከምኡ ድማ ናይ ዓመት 2024 ካብ ዕዳ ናጻ (Clearance) ዝወሃብ ግብሪ ከም ዝኸፈሉ መረጋገጺ. ሰነድ ፎቶ ኮፒ የቕርቡ፡፡
2.ተጫራቲ ናይ መጫረቲ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ (ሓምሳ ናቕፋ ) ሰነድ ጨረታ ብምኽፋል ካብ ምልክታ ዝወጸሉ ሓደ መዓልቲ ቀጺሉ ዘሎ መዓልቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ. ምምሕዳር ክወስዱ ይኽእሉ፡፡
3.ተጫረቲ፡ ጨረታ ንምስታፍ ድሕሪ ጨረታ ምፍጻሙ ዝምለስ መኽበሪ ጨረታ 1000.00 ናቕፋ (ሓደ ሽሕ ናቕፋ) ኣብ ክፍሊ. ሕሳብን ፋይናንስን ብጥሪ ገንዘብ ወይ ከኣ ብቸክ የትሓዝ፡፡
4.ተጫረትቲ፡ ናይ ጨረታ ምልክታ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ. 10 ተኸታታሊ. መዓልታት ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ. ምምሕዳር ብኣካል ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰንዮም ከቕርቡ ይኽእሉ፡፡ ኣብ መበል 10 መዓልቲ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ. ምምሕዳር ብኣካል ዝተዓሸገ ፖስታ ብናይ ትካሎም ሕጋዊ ማሕተም ኣሰንዮም ከቕርቡ ይኽእሉ፡፡ ጨረታ ኣብ መበል 10 መዓልቲ ኣብ ማእከላ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ሰዓት 9:00 ቅድሚ ቀትሪ ኣብ ቅድሚ ተጫረትቲ ይኽፈት፡፡
5.ተወሳኺ. መብርሂን ዝርዝራዊ ሓበሬታን ምስ ዝድሊ ቅድሚ ምኽፋት ጨረታ ዘሎ ግዜ ኣብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሚ/ፋይናንስ ክፍሊ. ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት ኣካል ዕድግን ጸገናን ኣቶ የናስ ኣማኑኤል 07279638 ምውካስ ይከኣል፡፡
6. ሚኒስትሪ ፋይናንስ፡ ጨረታ ብኸፊል ወይ ብምሉእ ናይ ምስራዝ ማሰሉ ዝተሓለወ እዩ፡፡

ሚኒስትሪ ፋይናንስ ክፍሊ. ምምሕዳርን ፋይናንስን ጨንፈር ሓፈሻዊ ኣገልግሎት
ኣካል ዕድግን ጸገናን
ኣቶ የናስ ኣማኑኤል 07279638 Tel200238-120815

# ምልክታት

ናጽነት ደስበለ - ሳምራዊት መለስ

Zara Mining Share Company

## Vacancy Announcement

| | |
|---|---|
| **Position:** | **Junior Accountant** |
| **Number required** | **1** |
| **Location:** | **Based at Koka Gold Mine (Zara)** |
| **Reporting to:** | **Financial Specialist Superintendent** |
| **Primary Responsibility & Scope of Work** | To provide financial information to Finance Manager or management by researching and analysing accounting data; preparing reports required. |
| **Duties:** | - Recording financial data into Accounting Software or ERP by compiling, analysing and summarizing accounts information.<br>- Maintain & prepare various financial reports, tax related matters, accounts payable & receivables, monthly Payroll, bank, and accounts reconciliations.<br>- Documents financial transactions by entering account information.<br>- Recommends financial actions by analysing accounting options.<br>- Substantiates financial transactions by checking documents.<br>- Maintains accounting controls by referring existing accounting policies and procedures.<br>- Reconciles financial discrepancies by collecting and analysing account information.<br>- Secures financial information by completing data base backups.<br>- Maintains financial security by following internal controls.<br>- Answers accounting procedure questions by researching and interpreting accounting policy and regulations.<br>- Complies with Eritrean Government financial legal requirements by studying existing and new legislation, enforcing adherence to requirements.<br>- Prepares special financial reports cash flows by collecting, analysing, and summarizing account information and trends.<br>- Maintains customer confidence and protects operations by keeping financial information confidential.<br>- Maintains professional and technical knowledge by attending educational workshops; reviewing professional publications; establishing personal networks; participating in professional societies.<br>- Assists in preparing payments by verifying documentation and requesting disbursements.<br>- Contributes to team effort by accomplishing related results as needed. |
| **Formal Education, Certifications, or Equivalents** | - University Degree or Diploma in Accounting. |
| **Working Experience – Nature & Length** | - Minimum 3 years' experience as an Accountant. Mining experience will have an asset. |
| **Other skills and abilities** | Accounting, Corporate Finance, Reporting Skills, Deadline-Oriented, Reporting Research Results, Confidentiality, Time Management, Data Entry Management. Good math and computer skills. High-level of attention to detail. Strong organizational skills. Independent work skills. Analytical and problem-solving skills. Computer skills, especially the ability to use accounting software. Written and verbal communication skills. |
| **Salary: according to the Company's salary scale.** | |
| **Additional Requirement for nationals**: Having fulfilled his/her National Service obligations and provide evidence of a release paper from the Ministry of Defence. Provide clearance from the current/last employer. Applications should be sent through the Post Office.<br>Only short-listed applicants would be considered as potential candidates for an interview. Application will not send to the sender. | |
| **Address: Please mail your applications to Zara Mining Share Company. P. O. Box 2393. Asmara, Eritrea.** | |
| **Note to Eritrean applicants:** Please send a copy of your application to Aliens Employment Permit Affairs P.O. Box 7940 Asmara, Eritrea. and Eritrea. Mineral Resources Management P. O. Box 272 | |
| **The deadline for application is 10 days from the day of the announcement** | |

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ኣቶ ሚከኤል ተስፋይን ሮማን ረዳእ፡ ጓልና ሰሊና ሚከኤል ተስፋይ ስለዝዋረሬት፡ ንሕና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

ኣቶ ዳኒኤል ገብረብርሃን ባህታ፡ ኣደይ ሓረገ ኣስገዶም ሃብቱ ስለዝዋረሬት፡ ኣነ ምስ 3 መውቲ ኣሕዋተይ ተተካእቲ 9 ደቆም 2 ህሉዋት ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/4/25 ኣብ ቤ/ፍ 7ይ መጋቢያ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ

መም/ ጉት ሃብተ ተኽሊ፡ ኣደይ ኪዳኑ ባራኺ ተወልደመድህን ስለዝዋረሬት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሙብራት ገብረስላሴ ሓጎስ፡ ብዓል ቤተይ ግርማይ ኣማጽኦስ ወልደሚካኤል ስለዝዋረረ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ቀረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ መሓመዱር ዓብደላ ምግቢ ተሪፉ፡ ኖሪ ዓብደላ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን28/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ተፈሪ ኣድሓኖም ተወልደ ምግቢ ተሪፉ፡ ታፈረ ኣድሓኖም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ መብርሂት ጡዑምዝጊ ጎበዙ ተኸሳሲ ኣቶ መትካል መሓሪ የውሃንስ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱላ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን24/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

ወ/ሮ ኣበበ ወልዳይ ተሚኖ፡ ወለድና ኣቶ ወልዳይ ተሚኖ ጉጃርን ወ/ሮ ጸሃይቱ ገብረመድህንን ስለዝዋረሩ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

መርሃዊ ዘሚካኤል ግርማይ ምግቢ ተሪፉ፡ ዳንኤል ዘሚካኤል ግርማይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ስቲ ኣወልከር ዑመር ምግቢ ተሪፉ፡ ስቲ መሓመድኣወል ዑመር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፍትለወርቅ ብርሃ ምግቢ ተሪፉ፡ ሃና ብርሃ በርሀ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን14/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ሚካል ርእሶም ተስፋይ፡ ስም ኣደይ ሓዳስ ተወልደ ብኢዱ ምግቢ ተሪፉ፡ ጺጋ ፍትዊ ደፈጠር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን7/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ፈይሰል ቢላል ኣቡ ምግቢ ተሪፉ፡ ሃይሰም ቦላል ኣቡ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቶ ዘርኡ ተወልደ ክፍላይ ምግቢ ተሪፉ፡ ዘርኦም ተወልደ ክፍላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን1/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ኣቅላሲያ እስቲፋኖስ ወልደስላሴ ምግቢ ተሪፉ፡ ኣቅላሲያ ጊላይ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበሉት፣ ዝቃወም እንተሎ ን23/4/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

# ልቦናን ፍልስፍናን

ምሉእብርሃን ሃብተገብሪኤል

11 ክፋል

> *“ኣእምሮኻ ብሃምታት፡ መደምደምታትን እምንቶታትን ክምላእ እንተሎ፡ ንሓድሽ ዝኸውን መእተዊ ስለ ዘይብሉ፡ ንሕሉፋት ተማኽሮኣት እናደጋገመ ይነብር።” - **ሶቅራጦ***
> *“ቀንዲ ጸገም ዓለምና ኩሉ ዘለዎ፡ ነፍሲ ወከፍ ሰብ ርእይቶኡ ክገልጽ ማለት ከም ዘለዎን ካልኦት ሰባት ክሰምዕዎ ግዴታ ከም ዘለዎምን ስለ ዝኣምን እዩ።” - **ብርያን ኮክስ***

ግዜ ክቡር እዩ፡ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ምቕጣብ ግዜ ዘለዎ እጃም ድማ ኣዝዩ ዕዙዝ እዩ፡ እቲ ምንታይሲ፡ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንስራሕካ ብቕዓምነታት ሰሪዕካ ንክትሰርሕ ስለ ዝድርኾ፡ ተዛመድቲ ምንጭታትን ሓበሬታታትን ብምልላይ ክትሰርሕ እንክለኻ፡ ኣብ ዘተናወሐ ግዜ እኹል ግዜ ኢኻ እትቕጥብ።

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ዝበለጸ ምርጫ ወሲድካ፡ ዝበለጸ ወጽኢት ንክትመዝግብ ይጠቕመካ፡ እዚ ጻዕርኻን ግዜኻን ቈጢብካ ኣብ ስራሕካ ዝበለጸ ምምሕያሽ ንክትገብር የኽእለካ።


ክእለት መጕታዊ ኣተሓሳስባ ብዝተፈላለዩ መልክዖት ይመጽእ፡ ገለ ኣብነታት ከስዕብ፦

**1. ኣፈታትሓ ጸገም**

እቲ ናይ መወዳእታ መድረኽ ብድሕሪ ነቲ ጉዳይ ምልላይካ፡ ምግምጋምካ ከምኡ እውን ንተኽእሎ ፍወሳታት ምብርባርካ፡ ነቲ ፍታሕ ሒዝካ ናብ ትግባረ ምእታው እዩ። እቲ እተኣመመ ፍታሕ ቅድሚ ምትግባሩ፡ እቲ ዕላማ ኣርባሒ ምዃኑ ምርዳኡ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ከምዚ ኩነታት ገለ ካብ እቶም ክእለታት ኣፈታትሓ ጸገማት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

# ዓንኬል ሓሳባት



- መብርሂ፡
- ውሳነ ምውሳድ፡
- ኣደኳሪ ንዝርዝር።

**2. ክፉት ኣእምሮ**

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ከተማዕብል እንተለካ፡ ካብ ኣድልዎ ናጻ ክትከውንን ንሓሳባት ብወድዓዊ ኣገባብ ክትግምግሞምን ይግባእ። ኣብ ክንዲ ብሃምትን ቅድመ ፍርድን ብምስራሕ ትንተና ጸብጻብ ምርጫታትካ ክትገብር ጽቡቕ እዩ።

ብኽፉት ኣእምሮ ንክትሓስብ ክሕግዙኻ ዝኽእሉ እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ርትዓውነት፡
- ብዙሕነት፡
- ምቕሉልነት።

3. ፈጠራውነት

ፈጠራዊ ኣተሓሳስባ - ፈጠራውነትን ምሕደሳን እውን ይጠልብ እዩ። እዚ ሓድሽ ሓሳባት ንክተመንጩ ይሕግዘካ ወይ ካብ እቲ ዝቐረበልካ ጸብጻባት ዝሓሸ ንክትመርጽ የኽእለካ።

ገለ ካብ እቶም ክሕግዙኻ ዝኽእሉ ስትራተጂታት ኣመሓየሽቲ መጕታውያን ኣተሓሳስባታት እዞም ዝስዕቡ እዮም፦

- ህንጡይነት፡
- ተዓጻጻፍነት፡
- ስእሊ ኣእምሮ።

ትምህርቲ ሃናጺ መስርሕ ኩይኑ ንውልቀ ሰባት ንኻይ መጻኢ ግዜ ተራእም ቅርጺ ዘትሕዝ እዩ። ስልጠና ኣብ ናይ ክእለት ደስባ ወይ ውህሉላ ዘድኻብ እዩ። ብመንጽሩ ትምህርቲ ንስርዓታዊ ዕበየት ፍልጠት፡ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ከምኡ እውን ክእለት ኣፈታትሓ ጸገም የጠቓልል። ትምህርቲ ፕሮግራማዊ ኣገዳስነት ዝሰከም ኩይኑ ንደረጃታት ቅቡላት ትምህርታዊ ትግባረታት ዝገልጽ እዩ።

ንተማሃሮ ክእለት መጕታዊ ኣተሓሳስባ ምምሃር፡ ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሃር ዓቢ እጃም ኣለዎ። መማህራን ቅድሚ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንተማሃሮኦም ምምሃሮም፡ ባዕሎም ጽቡቕ ገይሮም ክመልክዎ ይግባእ።

ቀንዲ ተግባር መማህራን ንተማሃሮኦም ብዝሓባ ኣፈታትሓ ጸገም ክምህርዎም እዩ። ኣብ መስርሕ ምምሃር-ምስትምሃር፡ ተማሃሮ ክእለት መጕታዊ ኣተሓሳስባ ክማዕብሉ እንተ ኸኢሎም፡ ሓያላት ፈታሕቲ ጸገም እዮም ዝኾኑ። ንሳቶም ዝወሰድዎ ውሳነ ብስሉል እዩ፡ ሓበሬታ ኣብ ምትንታን ከኣ ሰናፋት ኣይኮኑን።

ኣገዳስነት ምውናን ክእለት መጕታዊ ኣተሓሳስባ፡ ንብርክት ዝበሉ ብደሆታት ክገጥሙ የኽእሎም። ንኻይ ስነ ፍልጠት ትምህርቶም ምስ መጕታዊ ኣተሓሳስባኦም ከም ዘተኣሳስርዎ ይገብርዎም።

እዞም ክእለታት ብኣስራሕቲ ልዑል ሚዛን እዩ ዝወሃቦም። እቲ ምንታይሲ መብዛሕትኦም ኣስራሕቲ፡ ኣብ እዚ ተወዳዳሪ ዓለማዊ ኣከባቢ፡ ተሓባበርቲ፡ መሳኽርትን ተጻወርትን ሰራሕተኛታት ክቝጽሩ እዮም ዝደልዩ።

ኣብ ቀረባ ግዜ ዝተኻየደ ሓደ ሰፊሕ መጽናዕቲ ከም ዘርኦ፡ ብዙሓት ኩባንያታት ነዞም ክእለታት ልክዕ ከም ቴክኒካዊ ፍልጠት እያን ቀዳምነት ዝህብኦ። እቲ ምንታይሲ፡ እዞም ክእለታት ንሓደስቲ ተመረቕቲ ተማሃሮ ምስ ጉዳይም ሰራሕተኛታት ኣብ ምትእስሳርን ዲሲፕሊን ናይ'ቲ ትካል ኣብ ምስራጽን ኣዝዮም እዮም ዝሕግዝዎም።

ዓለም ቀጻሊ እያ ትለዋወጥ ዘላ፡ ኣብ ትምህርታዊ መዳይ እውን እቲ ለውጢ ቀጻሊ እዩ ዘሎ። ተማሃሮ ዝያዳ ናብ ስነ ፍልጠታዊ ምርምር ገጾም ንኸድህቡ ብመማህራኖም ይድረኹ ኣለው። ተማሃሮ መጕታውያን ሓሳባቲ ኩይኖም፡ ካብ ኮለጅ ተመሪቖም ክወጽኡ እንከለው፡ ኣብ ውልቃዊ ህይወቶምን ሞያዊ ብቕዓቶምን ዝያዳ ኣድማዕቲ እዮም

ዝኾኑ።

ከም እዚኦም ዓይነት ሰባት ሓበሬታ ምምእራር ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንኣብ ቦታ ስራሕ ዘጋጥም ጸገም ኣብ ምትንታን እውን ክኢላታት ይኾኑ። ነቲ ዝተለለየ ጸገም ፍታሕ ምቕራብ ከምኡ እውን ነቲ ፍታሕ ኣብ ጭቡጥ ኩነታት ምትግባር ቀንዲ መለለዪ መጕታውያን ሓሰብቲ እዩ።

በዚ ምኽንያት መጕታዊ ኣተሓሳስባ ከም ዝለዓለ ክእለት ይቝጸር ኣሎ። ክንዲ ዝኾኑ ብዓበይቲ ትካላትን ዋኒናትን መጕታውያን ሓሰብቲ ተመራጽቲ እንተኾኑ፡ ከዮ ዘርርም ክኾውን ኣይክእልን እዩ።

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ባዕሉ ዝምዕብል ክእለት ኣይኮነን። ኣብ ቅሉዕ ናይ ምምሃር ኣከባቢ ክትግበርን ክተባባዕን ዘለዎ እዩ። መጕታዊ ኣተሓሳስባ ሓደ ካብ እቶም ኣዝዮም ኣገደስቲ ትምህርታዊ ሸቶታት ኩይኑ ኣሎ።

ዓለም ዝያዳ እናተሓላለኸት ክትመጽእ እንከላ ዘጋጥሙና ዘለዉ ጸገማት ብኡኡ መጠን እተሓላለኹ ይኾኑ ኣለው። ሎሚ ምእንቲ ንዓለምና ክንገጥማ ናይ ሕሉፍ ግዜ ፍታሕ ኣይጠቕመናን እዩ። ምእንቲ እዚ፡ ምስ ግዜ ዝኸይድ ሓድሽ ፍታሕ ናይ ምእላሽ ስራሕ ንዓና እዩ ዝምልከት።

መጕታዊ ኣተሓሳስባ እኩብ ናይ ስትራተጂታት፡ ምስሊታት ከምኡ እውን ኣእምሮኣዊ ተግባራት እዩ። እዚ ብዋበእ እንተ ተማሂርካዮ ድማ ንሓደ ሰብ ኣብ ምፍታሕ ጸገማት፡ ውሳነ ኣብ ምውሳድ ወይ ሓድሽ ሓሳባት ኣብ ምምሃር ይጠቕሞ።

እዚ ግብራዊ ኣተሓሳስባ እዩ፡ ኣብ ሓደ ዓውዲ ምርዳእ ጥራይ ኣይኮነን፡ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ቅቡል ዝኾነ ለውጢ ንምምጻእ ፍልጠት ዝጠልብ እዩ።

---

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንመስርሕ ምኽዕባት ፍልጠት ኣብ ምልዋጥ ልዑል እጃም ኣለዎ። እወ ካብ ዝሕተቱ መስርሕ ናብ ናይ ኣእምሮኣዊ ልምምድ ይልወጥ። እቲ ወጽኢት፡ ዝሓሸ ምምሕያሽ ትሕዝቶ ፍልጠት ከምኡ እውን ዓሚቝ ርድኢት ናይ እቲ ትሕዝቶ ይኸውን።

ከም እዚ ዓይነት ሓሳባት ንሓደ ሰብ ቅሉዕን ቅቡልን መገለጺ ብዝሓባ እቲ ንምይይጥ ዝቐርብ ኣርእስቲ ከምኡ እውን ትዕዝብቲ ሓሳባት ይህልዎ። እዚ ነቲ ሰብ ኣብ እቲ ኣርእስቲ ዓሚቝን ርጉጽን ፍልጠት ከም ዝህልዎ እዩ ዝገብር።

ኣብ መወዳእታ፡ ከምዚ ዓይነት ኣተሓሳስባ ንሰባት ኣብ መዓልታዊ ህይወቶም ቅኑዕ ውሳነ ንኽወስዱ ይሕግዞም። ስምዒታዊ ዝኾነ ውሳነ ካብ ምውሳድ ይከላኸሎም። ርጡብ ዝኾነ ርእይቶ ንኽህቡ ድማ ይሕግዞም።

ኣገዳስነት መጕታዊ ኣተሓሳስባ ኣዝዩ ዕዙዝ ክኸውን፡ ገለ ምሁራት ኣብ እቲ ዝተሓተ ተፈጥሮኣዊ ተገንዝቦ ማለት ኣብ ምሽምዳድ ዘድህቡ ኣለው። ንሳቶም ኣብ እቲ ዝለዓለ ተፈጥሮኣዊ ተገንዝቦ ማለት ኣብ ኣተሓሳስባ ኣየድህቡን እዮም።

ኣብ ገለ ኣብያተ ትምህርቲ ንኽእለት ኣተሓሳስባ ብሓፈሻ ንርትዓዊ ምቕራብ ድማ ብፍላይ፡ ኣብ ተማሃሮኦን ብዕምቈት ኣየሰርጽኦን እየን። ከም ሳዕቤኑ፡ እቶም ተማሃሮ ትምህርቶም ዛዚሞም ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ፡ ኣድማዕቲ ኣይኮኑን ዘለዉ። እቲ ምንታይሲ፡ ኣተሓሳስባኦም ድኹም እዩ። ንሓበሬታ ናይ ምምስራሕ ብቕዓቶም እንተኾነ እውን ባይታ ዝበጠ እዩ።

# ክእለት ሓሳባት

ገለ ምሁራት ንኸምዚ ዓይነት ትምህርቲ ያታዊ ምህሮ ይብልዎ። ከም እዚ ዓይነት ኣመሃህራ፡ ተማሃሮ ካብ ኮለጅ ወይ ዩኒቨርሲቲ ምስ ተመረቑ፡ ኣብ ዘመናዊ ናይ ስራሕ ኣከባቢ ምስ ተዋፈሩ እቲ ስራሕ ጋን ይኾኖም ኣሎ። እቲ ምንታይሲ፡ ንሳቶም ልዑል ናይ ምሕሳብ ክእለት ይኹን ብዝሓባ ኣፈታትሓ ጸገማት ዝፈልጥዎ የብሎምን።

ሎሚ ኣብ ዓለምና ናይ ስራሕ ዕድል እናጸበበ እዩ ዝመጽእ ዘሎ። ክንዲ ዝኾነ እተን ኣብ ስራሕ ዓለም ዘለዋ ትካላት፡ ዝደለይኦ ሰራሕተኛ ኣማሪጽን ናይ ምቝጻር ዕድል ኣለወን። እቲ ዝቝጸርኦ ሰራሕተኛ መጕታዊ ሓሳቢ ክኸውን ድማ ይደልያ።

ሰራሕተኛታት መጕታዊ ሓሰብቲ እንተ ኾይኖም፡ ኣብ ኩሉ መዳያዊ ስራሖም ኣድማዕቲ እዮም ዝኾኑ። ዝተፈላለዩ ሓሳባት ይእክቡ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ከጽኦ ሓሊፎም ኣብ ምትንታን ሓበሬታ ልዑል እጃም ይህልዎም። ነቲ ዝተለለየ ጸገም ኣብ ምፍታሑ፡ ብልዑል ወኒ ይዋስኡ። ንቶም ፍታሓት ከኣ ኣብ ጭቡጣት ኩነታት የተግብርዎም።

ከም እቲ ኣቐዲሙ እተገልጸ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንልዑል ናይ ኣተሓሳስባ ክእለት ዝሓቍፍ እዩ። እዚ ኸኣ ንክእለት ምንጻር፡ ምትንታንን ምግምጋምን ዘጠቓልል እዩ። ዘመናዊ ኣገባብ ኣመሃህራ እምበኣር፡ ነዚ ኣብ ግምት ዘእተወ እንተኾነ ተመራጺ እዩ።

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ርትዓዊ ምቕራብ ልዑል ሓገዝ እዩ ዘለዎ። ክንዲ ዝኾነ ምሁራት ብፍላይ ከኣ ሊቃውንቲ ስነ ልቦና ሰፊሕን ዓሚቝን ምርምር የካይዱሉ ኣለው።

እቶም ሊቃውንቲ፡ “መጕታዊ ኣተሓሳስባ ኣብ ሓቂ እተመስረተ እዩ። ተማሃሮ ኣብ መስርሕ ምምሃር ልዑል



ተሳትፎ ክህልዎም ይግባእ። ኣብያተ ትምህርቲ ተዓጻጻፊ፡ ክፉት ከምኡ እውን ናጻ ኣተሓሳስባ ተማሃሮ ዝዕድግ ክኾና ይግባእ። ተማሃሮ ንኣእምሮኦም ብዕምቈት ክጥቀሙሉ ክድረኹ ኣለዎም። ኣብ ስነ መጕት ዘለዎም ክእለት ቀጻሊ ንኽዓቢ ክተባብዑ ይግባእ።” በሃልቲ እዮም።

መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንግዳማዊ መዳይ ናይ ነገራት ኣብ ምንቃፍ ጥራይ እተሓጽረ ኣይኮነን። ክጽዋኡ ዝኽእሉ እዩ። ኣብ መንጎ እታዋትን ወጽኢታትን መተኣሳሰሪ ክረኽብ ይኽእል። ብዙሓ እቶም ጸገማት ሕቶ ክቐርቡ የተባብዕ። እዚ ብፍላይ ኣብ መስርሕ ምምሃር ምስትምሮ እምብዛ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ እዛ ቀጻሊ እትለዋወጥ ዘላ ዓለም፡ ቀጻሊ ዋሕዚ ጸብጻብ ይኸሰት ኣሎ። ዝ ናይ ሎሚ ብደሆታት ብዘቕዓት ንምምኻት እምብኣር፡ ግደ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ቀሊል ኣይኮነን።

ገለ ሰባት ባዕሎም መጕታዊ ኣተሓሳስባ ከማዕብሉ ህርዲግ ክብሉ ይረኣዩ እዮም። እቲ ክኸውን ዘለዎ ግን ኣብ ቅሉዕ ናይ ምምሃር ኣከባቢ ተሳቲፍካ ከተማዕብሎ እዩ። ብዙሓት ኣብያተ ትምህርቲ ንመጕታዊ ኣተሓሳስባ ከም ኣዝዩ ኣገዳሲ ትምህርታዊ ሸቶታት ይቖጽርኦ ስለ ዘለዋ፡ ዕድል ኣብ ዝረኸብኦሉ ክትምህሮ ይግባእ።

ገለ ሰባት ሞያዊ ስልጠና ንዘወሰዱ ተማሃሮ፡ መጕታዊ ኣተሓሳስባ ንኸማዕብሉ ትምህርቲ ምሉእ ኣገዳሲ ኩይኑ ዘይሰምዖም ኣለው። እዚ ወጺእ ጌጋ ምዃኑ ብዙሓት ምሁራት ጸሓፎምሉ እዮም። መጕታዊ ኣተሓሳስባ ነቶም ሰልጠንቲ ክፉታት ኣእምሮን ዘይጸግዕተኛታትን ኣብ ምዃን ብዙሕ እዩ ዝሕግዞም። ኣብ መንጎ ጽቡቕን እኩይን ፈልዮም ውሳነ ኣብ ምውሳድ ይሕግዞም።

ወየም ስልጠኖቲ ንሰራት ብስነ መጕት ይፈርዱ ጥራይ ዘይኮኑ፡ ንሽግራት ኣብ ምግምጋም እውን ኣይሰገሩን እዮም። ከም ወጽኢቱ እቶም ስልጠኖቲ ነቲ ኣብ ጉእ ርእሶም ብፍላይ፡ ኣብ ሕብረተሰቦም ድማ ብሓፈሻ ንዘጋጥሞም ጸገም ኣብ ምፍታሕ በሊሖም ይኾኑ።

ከም እዚ ዓይነት ለውጢ ንኸርናዕ ኣመለኻኽታኻ ደጋጊምካ ምሕሳብ ይጠልብ፡ ንዝተረኸበ ሓበሬታ ኣብ ቅሉዕ ግዜ ብቕሉዕ መንገዲ ምጥቃም የድሊ። ንዝተማሃርካዮ ክልስ ሓሳብ ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈርካ፡ ብቕልጡፍ ኣብ ባይታ ናይ ምትግባሩ ብቕዓት ይሓትት።


ገለ ብልዑል ነጥቢ ካብ ኮለጅ እተመረቑ ተማሃሮ፡ ናብ ስራሕ ዓለም ምስ ተዋፈሩ ዘይዕወታት ኮይኖም ይረኣዩ እዮም። እዚ ንብዙሓት ምሁራትን ኣስራሕትን ዘሻቕል ዘሎ ጉዳይ እዩ። እቶም ጠንቅታት ብዙሓት ክኾኑ ይኽእሉ እዮም። መብዛሕትኦም ምሁራት ዝሰማምዑሉ ግዱ፡ እቶም ተማሃሮ መጕታውያን ሓሰብቲ ንኽኾኑ፡ ካብ እተን እተማህሩለን ኮለጅ ተኣሊሎም ስለ ዘይወጽኡ እዮም።

> “ብፈጠራዊ መገለጽን ፍልጠትን ባሃታ ምቕስቃስ እቲ ዝለዓለ ጥበብ ሓደ መማህር እዩ።” - **ኣልበርት ኣይንሽታይን**
> “ዕላማ ትምህርቲ ንተማሃሮ ኣብ መላእ ዕምሮም ገዛእ ርእሶም ንኽምህሩ ምድላው እዩ።” - **ሮበርት ሜይናርድ**

ይቕጽል




# ዳየሪ



ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ዘይስገር ጻውዒት

01:20 ድ.ቐ.

17 ሚያዝያ 2015

ገዛና ከመርዕውኒ ካብ ዝሓሰቡ ውሑድ ኣይገበሩን። ግና በብግዜኡ ከም ሜላይ እሰግሮ ነይረ። ብዕድመ ዓባይ ኣይኰንኩን፣ ግን ካብ ስድራቤትና ምሉእ 'እታ ከይተመርዓወት ነዊሕ ዝጸንሐት' ኣነ'የ። ገለ ሓሙሽተ ሽዱሽተ ዓመታት፡ ሳላ ትምህርቲ ብዘይ ጸገም ሓሊፈዮ። ትምህርቲ ተወዲኡ፣ ተመዲበ፣ ናይ ኣገልግሎት ዓመት ድሕሪ ምሕላፉ ድማ ተመረቐኩ። ካብ እዋን ምረቓይ ጀሚሩ ዝተላዕለ ሕቶ መርዓ ክሳዕ ሕጂ ኣየዕረፈን። እቲ ከይብተኸኒ ዝፈርሆ ዝነበርኩ ጉዕዞ ትምህርተይ እንቋዕ ደኣ ብሰላም ኣብ ሓደ ምዕራፍ ኣብጻሕኩዎ'ምበር ዝመጽእ ከከም ኵነታቱ ክርእዮ መደብኩ።

ብሰሪ "ዘይትምርዓዊ" ዝብል ዘረባ ካብ ማሕበራዊ ጉዳይ ስድራቤትና ክሕባእ ጸኒሐ። መርዓ ዓቢ ጉዳይ ስድራቤትና ደኣ ይኹን እምበር፡ ንዓይ ሓንቲ መዓልቲ ከም ጉዳይ ቈጺረዮ ኣይፈልጥን። ውላዱ ዘየመርዓወ ወላዲ፡ ኣብ ስድራቤትና ብኀቦ ዓይኒ ከም ዝርአ እርድኦ እየ። ስድራይ'ውን "ኣባኺ በጺሒና ክንጽረፍ፡" እናበሉ ውሽጦም ቀሊዐሙለይ እዮም። ኣነ ግን ስድራይ ክሕጕሱለይ ክብል ናይ ህይወተይ ሓጐስ ኣየጥፍእን እየ። ነዚ ሓቂ ቀደም'የ ፈሊጠዮ። ከምዚ ሎሚ ኣብ ኑብሰይ ብዙሕ ለውጢ ከይገበርኩ እንክለኹ'ኳ ተረዲኣዮ እየ። ሽዑ ባህጊ ትምህርተይ ንምርዋይ ዝከኣለኒ መስዋእቲ ክኸፍል ምኽንያይ ምስ ኑብሰይ ዓሰርተ ሳዕ ቃል እኣቱ ነይረ። ዕድመ ይሃቦም ስድራይ ግን ነዚኣ ክርድኡለይ ክኢሎም እዮም።

"ቅድሚ ሕጂ ናይ ትምህርቲኺ ድልየት ርኢና ትም ኢልናኪ። ሕጂኸ እንታይ ኢኺ ክትብሊ?" ማማ መተረኣሳ እናተዓራረየት ሓተተትኒ። ማማ ሕማማ ደጊሱዋ ዓራት ካብ ትሕዝ ሳልሳይ ወርሓ እዩ። ኵሉ ኵነታታ ተስፋ ዝህብ ኣይኰነን። በብግዜኡ ዘቐርቦ ምኽንያታት ማማ እንተ ዘይትድግፎ፡ ብርግጽ ምስ ባባ ምተባኣስና ንኸውን ኢና። ሕጂ ግን ኣደይ ንባዕላ ተኻኢላ ኣላ። እዚ ሕማማ ተስፋ ቈሪጻትሉ ስለ ዘላ ከኣ ግድን "ኣበባኺ ኸይርኣኹ ከይዓርፍ፡" ከም ትብለኒ ርዱእ እዩ። እዚ ዘረባ ዘየቕስን እዩ። ካልእ ክትዛረብ ኣፋ ዘይከፈተት፡



ነዛ ሕቶን ምሕጽንታኣን ከተሰምዓኒ ግን ዘሎዋ ሓይሊ ኣኻኺባ ትዛረብ።

"ማማ...።"

"ስምዕኒ'ሞ ጓለይ፡ ቅድሚ ሕጂ እንተስ ተረዲኣኪ እንተስ ንባዕለይ ጸሊኣዮም ኣየገድደክን ነይረ። እዚ ግን ብንእሽቶኡ እነከሎ ዝዕበናዮ ጽቡቕ ገይረ'የ ዝፈልጦ። ዳሓራዩ ከኣ ሓቲተሉ'የ፣ ከምታ ብቖልዑኡ ዝነበራ ፍቱውን ንፉዕን እዩ። ካብዚ ዝበልጽ ወዲ ኣይትረኽብን ኢኺ። ኣንቲ ....ንዓይ ክትብሊኸ ንእሽተይ መስዋእቲ ኣይትገብርን? ኵሉ ብመደብኪ ጥራይ ክኸይድ ትደሊዩ ኣለኺ? ሓደ ሓደ ግዜ ከይፈተኻ መደብካ ዝቕይር ኵነታት'ውን ኣሎ። እንቋዕ ደኣ ኣብ ዝብጻሕ በጻሕኪ'ምበር ተመርዒኺ ከም ድላይኪ ክትጉዩ ትኽእሊ ኢኺ 'ዛ ጓለይ። ንዓይ ክትብሊ፣ ኣነ ነዊሕ ዝጸንሕ ከይመስለኪ...፡" ልመና ኣደይ ዝከኣል ኣይኰነን። ምስናይ ንብዓታ ኣብ ብርከይ ወዲቓ ንኽትልምነኒ ካብ ዓራት ክትስእ ተቓለሰት።

"ናበይ ትትስኢ ኣለኺ? ... ኣነ ... በቃ ድሓን፡ ሕጂ ሕራይ ክብለክን ዘይክብለክን እቲ ወዲ ቅድም ክርእዮ ኣሎኒ፡" በልኩዋ። ኣደይ ናብኣ ሰሒባ ኣጥቢቓ ሓቘፋትኒ። ክስማዕ ዘይክእል ጉሪምሪማ፡ ናብ ኣምላኽ ምስጋና የብጽሕ ምንባሩ ኣይሰሓትኩዎን። ኢዳ ካብ ክሳደይ ምእላይ ኣበየት።

"ክንዲ ምንታይ ተሓጕሰ ኣለኹ ክነግረኪ ኣይክእልን'የ፣ ህይወትኪ ሓጐስ ይምልኣዮ። ሓደራኺ ግን ኣብ ሓንቲ መዓልቲ ከይትመዝኒዮ። ቀስ ኢልኪ ርኣዩዮ፣ እንቋዕ ደኣ ኣብኡ በጻሕኪ'ምበር ምስ ፈለጥኪዮስ ባዕልኺ ክትህውኸና ኢኺ።"

"ማማ ... ኣነ'ኮ...፡" ኢለ ዘረባ ምስ ጀመርኩ ማማ ኣትኪላ ናብ ማዕጾ ገጻ ትጥምት ነበረት። ዘረባይ ቈሪጸ ንድሕሪት ጠመትኩ። ባባ ኣብ ልዳት ማዕጾ መደቀሲ ማማ ኰይኑ ዓይኒ ዓይና ይርኢ ነበረ። ኣብ ገጽ ማማ ሓጕስ መሊኡ እናተራእየ፡ ባባ ግን ዝተደፋነቐ መሲሉ ተራእየኒ። ባባን ማማን መን'ዩ ሰብኣይ፡ መን'ዩ ሰበይቲ ከይፈለናዮም ኢና ዓቢና። ክንፈርሕ ንኽልተኦም ንፈርሕ፡ ክንሕንቅቕ ከኣ ብኽልተኦም ንሕንቅቕ። ኣብዘን ድሕሪ ምረቓይ ዝሓለፉ ኣርባዕተ ዓመታት ግን ሓይሊ ባባ እናጕልሐ'ዩ መጺኡ። ርእሱ እድኒኑ ድማ ከምታ ከይተሰምዐ ዝመጽኣ ተመልሰ።

"ሓደ ነገርዶ ክነግረኪ...፡" በለት ማማ ገና ካብቲ ትጥምቶ ዝነበረት ኣንፈት ገጻ ከይመለሰት። ድምጻ ሃሲሱ፡ ገጻ ቦቑቢቑ ምስ ረኣኹ፡ ገጽ ባባን ስምዒቱን፡ ... ተደማሚሩ ከብደይ ገማጠሎ። ኣብ ቅድሚ ማማ ክኑብዕ ግን ኣይደለኹን። ኣብ ገጸይ ዝርአ ሓጕስን ተስፋን ንማማ ክሕግዛ ምኽኑ ተስፋ ነበረኒ። "በቃ ማማ ዳሕራይ ትነግርኒ ሕጂ ኣዕርፊ። ሕጂ ንባባ ምሳሕ ክቐርበሉ፡" ኢለያ ተንሲአ። ትኽ ኢለ ናብ ዓይኒ-ምድሪ ኣትየ በኸኹ። ንስለ ማማ፡ ንስለ ክልተኦም፡ ንስለ ነብሰይ። "ሓደ ነገርዶ ክነግረኪ፡" ዝብል ዘረባኣ ተመላለሰኒ። "ብኻዶ ሰሚዐ'ያ፡" እብል፣ መሊሰ ከኣ ዘይጸሮ ነገር ከይትነግረኒ እፈርሕ። ኣዕሪፋ ኣብ ዝተሰኣትሉ ክሓታ ግን መደብኩ።

ሳራ ገብረስላሴ

## መዓስ ይኾነለይ

14 ጥቅምቲ 2015

4:30 ድ.ቐ. - ኣስመራ

"ጢጥ...ጢጥ...ጢጥ..." ናብ ዝኾረየት ፍቕረይ'የ ዝድውል ነይረ። ምስ ብርሂን ዓርከይ ካብ ገዛኦም ወጺእና ኣብ ሓደ ካፌ ኮፍ በልና። ኣብ ነፍሲወከፍ ጣውላ ብጫ ዝሕብሩ ምንጻፍን ብጫ ፍዮርን መሊኡ ነበረ። ምስቲ ብጭው ዝበለ ብርሃን ንግሆ ተወሲኹ፡ ሓዳስ ዓለም መሰለ። ሃንደበት "እውይ!" በልኩ። ፍቕረይ ብጫ ሕብሪ'ያ ትፈቱ። 'ነዚ እንተ ትርእዮ ባህ ምበላ ነይሩ፡' ኢለ እናሓሰብኩ፡ ንትማሊ ክድውለላ ምኽንያይ ቅድሚ ሰሙን መደብ ሒዘ ከም ዝነበርኩ ዘከርኩ። ብዘይ ንሱ ኣብ ቀረባ ዘላ፡ ኣኺሉኒ ቅኣያሕ ካርድ ክትመዘለይ እያ እናበልኩ'የ ተለፎን ዓልዒለ ናብኣ ዝደወልኩ። ብርሂን ዝኾንኩዎ ክነግሮ እናተጸበየ ተቐበለትኒ። ... ማዕጣጥ ሰላምታ ... ኣቤት የቕልሎ።

***

"እንታይ ኴንካ ደኣ ዘይደወልካ፡ ክድውል'የዶ ኣይበልካን?" ሃንደበታዊ ሕቶ።

"ኣቲ ከም ገለ'የ ቀንየ። ዋላ እዚ ግዜ ምውህሃድ ኣብዩኒ ቀንዩ።" እንታይ ደኣ፡ እንታይ ኢለ ከም ዝምልስ ጠፊኡኒ እንድዩ። ብርግጽ ክድውል ነይሩኒ። ሕጂ



ብሽለልትነተይ ከም ዘይደውልኩ እንተ ፈሊጣ ኣኸለ።

"እሞ ንሱ ድዩ ኣረሲዑካ፣ ከመይ ገይሩ ድዩ ሒዙካ?" ኣንታ ከመይ ኢላ ደኣ'ላ ለዚባ? እታ ቅድሚ ሰሙን ተቖጢዐ፡ "ንስኺስ ግደኺ ዘይትገብሪ ንዓይ ጥራይ ዲኺ ትኸሲ፡" ኢለ ዝተዛረብኩዋ ሰሪሓ'ያ መሰለኒ።

"ረሲዐዮ መዓስ ኰይነ። ጸጺኒሐ እዝክሮ፣ ዋላ ኣመንጕየ ክድውል ክሓስብ ከለኹ ይጽውዑኒ፣ ወይ ገለ እቲ ስራሕ እናገፈሐ በቃ! ነዛ ክምጉብ ግዜ ኣይረኸብኩን። ስራሕ ተብተብ ክብል ስለ ዝቐነየ ትንፋስ ክሊኡና ኰይኑ'የ፡" ይቕረ ግበረለይ ጕይታይ መዓረይ፣ ሓሶት ከኣ ኣይትፈቱን እያ።

"እሞ ብኻ ጸዊዕካና'ሞ ምሓገዝናካ፡ ንዘገድሱኻ ዝኸውን ንውሕ ዝበለ ግዜ ምረኸብካ።"

"ኣይ... ንስኺስ'ባ ገምጂኺ ኮፍ በልለይ፡" ጠንቃም ዘረባ፣ ማዕረ ሰብኣይ ወፌራ ከም እትኣቱ ረሲዐዮ። "ንስኺ ደኣ ከምኡ ኣይትፈትውን ኢኺ እምበር፡" መላእኩ።

"ዝፈትዎ ነገር እምበኣር ትፈልጥ ኢኻ? ጽቡቕ'ባ ... ዝጸልኦ ነገርከ ትፈልጦዶ?"

"ኣብ ትፈትውዮ ነገራት እንተ ኣድሂበ ትጸልእዮ ምፍላጥ እንታይ ኣድለየ፡" ጓል መገዲ ጀሚረ፣ ዘረባ ቀደመይ እዩ። ቀኒዐ ዘይምልሰላ ምኽንያይ ቅጭ ከም ዘምጽኣላ እፈልጥ'የ። ሽዑ ከተእምነኒ ክትቃለስ እንከላ ክርእያ ኣዝዩ ባህ ይብለኒ ነበረ።

"መቸም... ግን ትማሊ ክትድውለለይ ተጸብየ። ስራሕ ማዕረ ንቐዳም ዝሰግር ድዩ ኰይኑ?"

"እወ...፣" ትማሊ ኣበይ'የ ነይረ ክዝክር'ኳ ኣይከኣልኩን። ወይለ ምስ ብዓል ብርሂን'ባ ወጺእና ነይርና ኢና። "ትማሊ ቀዳም ቀልጢፍና፡ ቅድሚ ምጽልማቱ፡ ኢና ስራሕ ወዲእና፣ ምስኡ ዝተኣሳሰሩ ሰብ መጺኦሙና ስለ ዝነበሩ ንእሽተይ ግብጃ ነይሩና።"

"ጽቡቕ እምበር፣ ከመይ ዝበሉ ሰብ ደኣ ኰይኖም?"

"ኣርባዕተ ሓሙሽተ ዝኾና፡ ምስ ሓደ ማናጀረን እዮም፡" ምስ ኣዋልድ ክቐርብ ኣይትደልን እያ። ብዙሕ ግዜ በዚ ከምዚ ዓይነት ዘረባ ተቛዪቕና ኢና። ምቕያቕና ግን የቕርባ'ምበር የርሕቓ ኣይነበረን። ነዛ ተረሓሒቕናያ ዘለና ትሰብር ፈተነ ክትሰርሓለይ ተመነኹ።

"ኦኬ! እሞ ንዓኻ ትመስል ኣይረኸብካን ገለ!?" ፍጹም ዘይትብርሃካ ሕቶ'ያ። ነዘን ኣዋልድ ዘጋንነን ከመይ ዝበለ ዘረባ ተሰሪዑ'ኳ እንተ መጽኣኒ፡ ፍጹም ከይትቐብጸኒ ፈሪሐ ገደፍኩዎ።

"ኣየ ንስኺ... እታ ንዓይ ትመስል ደኣ ቀደም ረኺበያስ ኣዕልላ'ኳ ኣለኹ።" ካዕካዕ ኢላ ሰሓቐት።

"ኣየ ንስኻ ...፡" ካዕካዕ ሰሓቓ ቀጸለ፣ "... እዋይ። የቐንየለይ በል'ስኪ። ግን ከም ማይን ትክን ምዕማኹ ዝኸፍእ የለን ሓወይ መዓረይ። ድሓን ኩን!"

ጢ... ጢ... ጢ... ጢ... ጥ

ተለፎነይ ካብ እዝነይ ኣውሪደ ዝን በልኩ። እንታይ'ዩ ነገራታ ክርድኣኒ ኣይከኣለን።

"እሂ'ታ ምስ መን'ዩ እዚ ኵሉ ዘረባ?" ሓተተ ዝተደናገረ ብርሂን ዓርከይ።

"ኣንታ ንሳ'ምበር ካልእ መን ትፈልጠለይ ዲኻ?"

"ትማሊ ኣጋይሽ ነይሮሙኒ ክትብላ ዝጸናሕካስ ንኣኣ'ዩ?"

"እወ።"

"ጠፊእካ ወዲ! ትማሊ ኣጋ ምሸት ክንራኸብ ብሓደዶ ኣይኰንኩምን ኔርኩም? ንሳ ክትወጽእ ኣነ ክኣቱዶ ሰላም ኢለያ ኣይመጻእኩኻን?"

ተወዲኡ ነገር።

የናስ ኪዳነ

25 ሚያዝያ 2025

07:44 ድ.ቐ. - ኣቑርደት

ከም ዝኾነ ሰብ ምሉእ ኣይኰንኩን። ናብ ምሉእ ዝቐረበ ሰብ ክኸውን ግን እጽዕር። ሓደ ሓደ ግዜ ብልክዕ ብሕመቐይ ዘጋጥመኒ ውድቀታት ኣሎ። ስኣን ምስትውዓለይ፡ ብሰንኪ ደቓቕ ምስትውዓል፡ ዓነው-ነው ዝብለኒ ግዜ ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዝበለ ኣጋጣሚታት እሓርቕ'የ። ጌጋ ክርከበኒ የብለይን በሃላይ ኣይኰንኩን፣ ብፍላጥ ግን ክጋገ የብለይን። ምስናይ እኹል ዓቕመይ፡ ብሕመቐይን ብሽለልትነተይን ክወድቕ እንክለኹ፡ ካብ ሰብ ዘለዎ ከባቢ ቀልጢፈ'የ ዝርሕቕ። እዚ ሕርቃን እንክለኒ ክዛነ ኣይመጽኣለይን። ኣብ ጽምው ዝበለ ቦታ ወይ ዝርብሽ ዘይብሉ ነዊሕ ጉዕዞ እግሪ ብምኻድ ምስ ኑብሰይ እመዓት።

ነፍሲወከፍ ገምጋም ስርሒይ ኣብ ገጻት ዳየረይ እየ ዘስፍሮ። ጸጺኒሐ ንድሕሪት ተመሊሰ ኣንብቦ'ሞ ጽቡቕ ይስመዓኒ። ዘይወጽእ ሓሳብ ሒዙ የሸግረኒ እንተ'ሎ ናብዛ ዳየረይ'የ ዝኸይድ። ኣብኣ እዕቍብ። ንሳ ኸኣ እምንትን ሓቛፊትን ስለ ዝኾነት፡ "በዚ ንሃለ" ኢላ ኣይትነግረለይን። ከመይ ኢለ ዳየረይ ምንጪ ህድኣተይ ገይረያ ኣይርድኣንን። መሓለዊት ሚዛነይ ዳየረይ እያ። መደባት ዕማመይ ኣብ ገጻት ዳየረይ ኣስፊረ'የ ዝወፍር። ዝወዕልኩዎ ከኣ መጺአ ኣዋግዓ። ድሕሪ ዓወተይ ውድቀተይ ልዝበይ ምስ ዳየረይ እዩ።

ወዲ ጃብር

# ስፖርት

ሊድያ በረኸት

## ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ይቕጽል

### ኣስመራ ቢራ፡ ደንደን፡ ቀይሕ ባሕሪን ኣልታሕሪርን ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፈን

ግጥማት ዋንጫ ናጽነት ሱፐር ዲቪዥን ‘ኤ’ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ 6 ሚያዝያ ኣብ ዝተኻየደሉ፡ ሰዓት ክልተ ደንደን ምስ ማይተመናይ ናብ ሜዳ ወሪደን። ደንደን ኣብ ቀዳማይ እብረ ብጸፊሕ 8-0 ንማይተመናይ የሰንያታ ብምንባሩ፡ ኣብ ካልኣይ እብረ ግጥም ርክበን ንማይተመናይ ዝብድህ ምኽኑ ርጉጽ ነበረ። ኣብዚ ጸወታ፡ ደንደን ኣቐዲማ ምሕላፋ ኣረጋጊጻ እያ ኣትያ። ኣብ ሻምናይን 28ን ደቓይቕ ድማ ብመገዲ ሴም ተከኤን ሴም መድሕንን 2 ሸቶታት ረኺባ። ማይተመናይ ናብ ደንደን ብምጽጋዕ ኣብ ተጥቅዓሉ ዝበረት ህሞት፡ ተጻዋታይ ደንደን ቢንያም መንግስትኣብ ናብ ገዛእ ልዳቱ ሸቶ ብምምዝጋቡ፡ ጸወታ ናብ 2-1 ጸቢቡ። ይኹን እምበር፡ ማይተመናይ መረሕትት ክትሕዝእ ዘኽእላ ኩዓሶ ብምብኻና ለውጢ ከይገበረት 2-1 ናብ ዕረፍቲ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ማይተመናይ ኣብ መበል 48 ደቒቕ ሚናስ ሙሴ ብልጹት ሸቶ ብምምዝጋብ ንጸወታ ኣመዓራረያ። ማይተመናይ ዋላ'ኳ ናይ ምሕላፍ ተስፋ ኣይነበራ፡ ዝ ግጥም ግን ተዓዊታትሉ ክትወጽእ ሓያል ፈተነ እያ ኣካይዳ። ተወሳኺ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይ ምንባሩ ግን ጸወታ 2-2 ተዛዚሙ። ብሉጽ ተጻወታይ ናይ'ዚ ግጥም ድማ ንተጻዋታይ ማይተመናይ ሚናስ ሙሴ ተዋሂቡ።

ቀጺለን ኣስመራ ቢራ ምስ ጉዳይፍ ናብ ሜዳ ወሪደን። ጸወታ ብጸቡቕ ተወዳዳርነት ፈሊሙ። ጉዳይፍ ጸቡቕ ተወዳዳርነት ብምርኣይ፡ ብተደጋጋሚ ናብ ኣስመራ ቢራ ብምጽጋዕ ፈተነታት ኣካየደት። ኣብ 38 ደቒቕ ድማ ቅሉዕ መቐጸዕቲ ረኺቡት'ሞ፡ ብመገዲ ኤሽን ተስፋማርያም ናብ ሸቶ ብምቕያር ናይ 1-0 መሪሕነት ሓዘት። ጉዳይፍ ኣቐዲሙ ዝተመዝገበ ናይ ሸቶ ዕድል ከተሕዊ፡ ኣስመራ ቢራ ድማ መሪሕነታ ኣሕሊፉ ንዘይምሃብ ሓያል ጻዕሪ ኣካይዱ። እንተኾነ ብኽልቲኤን ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይምንባሩ፡ ብመሪሕነት ጉዳይፍ 1-0 ተዛዚሙ። ኣስመራ ቢራ ብድምር ወጽኢት 3-1 ብምስዓር ናብ ፍርቂ ፍጻመ ሓሊፉ። ብሉጽ ተጻዋታይ ናይ'ቲ ግጥም ሓላዊ ልዳት ጉዳይፍ ሮቤል ኪዳ ተሰሚዩ። ኣስመራ ቢራ፡ ደንደን፡ ቀይሕባሕሪ፡ ኣልታሕሪር ናብ ናይ ፍርቂ ፍጻመ ግጥም ሰገረን ደርኪቡ። ጸባሒ ሓሙስ፡ ቀይሕ ባሕሪ ምስ ኣስመራ ቢራ፡ ደንደን ምስ ኣልታሕሪር ብዝካይድኦ ግጥም ካብ ሰዓት 2:00 ድ.ቀ. ክቕጽል'ዩ።



ንግዳ ወሪዱ። ሓይሊ ኣየር ብሉጽ ብቕዓት ትድልብ ዘላ ጋንታ ኮይና፡ ኣብ ቀዳሞት 45 ደቒቕ ንኩብንያ ህንጻ ሰገን በዲሃታ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ፡ ኩብንያ ህንጻ ሰገን፡ ኣብ 63 ደቒቕ ሪም ካሕሳይ ንልዳት ሓይሊ ኣየር ብምድፋር 1-0 መሪሕነት ሓዘት። በዚ ዝተመዝገበ ሸቶ ብምትብዕ ድማ ኢንሹራንስ ብተደጋጋሚ ናብ ልዳት ሓይሊ ኣየር ብምድፋእ ኣብ 75ን86 ደቓይቕ ሮዳስ ትኩእን ፍኖና ገርግሽን ብዘመዝገቦአን ሸቶታት 3-0 ብመሪሕነት ኩብንያ ህንጻ ሰገን ጸወታ ተዛዚሙ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ድማ ካብ ኩብንያ ሰገን ሪም ካሕሳይ ተረቚሓ።

ቀጺለን ደንደን ምስ ምምሕዳር ሰማባል ገጢመን። ምምሕዳር ሰማባል ሎሚ ዓመት ምምሕያሽ ዘምጸአት ጋንታ ኮይና፡ ምኩራት ተጻወትቲ ዝሓዘት ደንደን ኣብ ልዕሊ ምምሕዳር ሰማባል፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ሓንቲ ሸቶ ካብ ፍትሓዊት የውሃንስ ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ብመገዲ ኢልሃም ዓብደልቃድርን ምሲጋና መሓርን ብዘመዝገቦአን ሸቶታት 3-0 ክትዕወት ከላ፡ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ ካብ ደንደን - ፍትሓዊት የውሃንስ ተሰምያ።

ራብዓይን ናይ መወዳእታን ግጥም፡ ኣብ ሞንጎ ጉዳይፍን ገጀረትን እዩ ተኻዪዱ። ገጀረት ቅድሚ ዕረፍቲ ብመገዲ ሉልያ ኣብርሃም ብዘመዝገበታ ሸቶ 1-0 መሪሓ ንዕረፍቲ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ ድማ ጉዳይፍ ኣብ 64 ደቒቕ ካብ ንያት ኣስመሮም ብዘረኸበታ ሸቶ 1-1 ብምምዕራይ ንጸወታ ዛዚመንኦ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይ'ዚ ግጥም ድማ ካብ ጉዳይፍ ሶልያና ኣብርሃም ተረቚሓ።

ትማሊ ሰንበት ፍርቂ መዓልቲ ውድድረን ዘቑዳ ኢንሹራንስ ምስ ዕዳጋ ሓሙስ እየን። እዛ ኣብ ጸቡቕ ብቕዓት ዘላ ኢንሹራንስ ነዛ ሎሚ ዓመት ዝተጸምበረት ዕዳጋ ሓሙስ ከተናሕስየላ ኣይከኣለትን። ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ሲሞና ሳሚኤልን ራህዋ ሓዲሽን ብዘረኸበተን ሸቶታት 2-0 ናብ ዕረፍቲ ኣምርሓ። ድሕሪ ዕረፍቲ ፡ ኢንሹራንስ ካብ ማርታ ተወልደ፡ ኤኽላስ ዓብደልናስር፡ ራህዋ ሓዲሽን ኣርሴማ ተኽለሃይማኖትን ብዘረኸበተን ሸቶታት 6-0 ተዓዊታ። ብልጽቲ ተጻዋቲት፡ ካብ ጋንታ ኢንሹራንስ ራህዋ ሓደሽ ተረቚሓ።

ትሸዓተ ግጥማት ኣካይደን ዘለዋ ጋንታታት፡ ደንደን ብጹብለልታ ሸቶ ተሓጊዛ ብ27 ነጥቢ ቀዳመይቲ፡ ኢንሹራንስ ብ23 ነጥቢ ካልኣይቲ፡ ኩብንያ ህንጻ ሰገን ብ21 ነጥቢ ሳልሰይቲ፡ ገጀረት ብ14 ነጥቢ ራብዓይቲ፡ ሓይሊ ኣየር ብትሸዓተ ነጥቢ ሓምሻይቲ፡ ምምሕዳር ሰማባል ብትሸዓተ ነጥቢ ሻድሻይቲ፡ ጉዳይፍ ብሸሞንተ ነጥቢ ሻብዓይቲ፡ ዕዳጋ ሓሙስ ብሸዱሽተ ነጥቢ ሻምናይቲ ደረጃ ሐዚየን ደርኪቡ።

## ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል ይቕጽል



ሻምፕዮን ኩዕሶ መርበብ ዞባ ማእከል፡ ቀዳምን ሰንበትን ኣብ ሜዳ ቦቺዮፊል ቀጺሉ ኒዩሩ። ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ውድድር፡ ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥዮን ዝተሳተፈኦ ኮይኑ፡ ፈለማ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሓሬናን መኸተን እየን ተራኺበን። ሓሬና፡ ኣብ ኩሉ ጸብለልታ ብምርኣይ ብጸፊሕ 3-0 ተዓዊተን። ንዕኣን ሰዒበን ዝተራኸባ ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ ድማ ሓሬናን ተስፋን እየን እየን። ኣብዚ ጸወታ ሓሬና ሳዕለዋይ ኢድ ብምሓዙ 3-0 ተዓዊታ። ኣብ መወዳእታ ኣብ ዝተሰርዐ ግጥም ድማ እታ ኣብ ዝሓለፈ ውድድራ ምስ ኣራብ ገጢማ ብጸቢብ ወጽኢት ዝሰዓረት ዓንበርበብ ምስታ ካብ ካልኣይ ዲቪዥን ዝሰገረት ሰላም'ያ ተራኺቡ። ምኩራት ተጻወትቲ ዝሓዘት ዓንበርበብ ኣብ ልዕሊ መጋጥምታ ጸብለል ብማለ 3-0 ተዓዊታ። ይኹን እምበር፡ ጋንታ ሰላም ብቴክኒካዊ ጸወታ ዝሓደ ብቕዓት ከተንጸባርቕ ብምኽኣላ ካብ ተዓዘብቲ ናእዳ ኣትሪፋያ።

ብሰንበት ዝተኻየዱ ውድድራት ንጋንታታት ካልኣይን ሳልሳይን ዲቪዥናት ዝሳተፈ'ዩ ኒዩሩ። ልዑል ኣቓልቦ ዝተዋህቦ ግጥም፡ እቲ ኣብ መንጎ ጋንታታት ካልኣይ ዲቪዥዮን ደምበ ሰማባልን ሕውትትን ዝተኻየደ ግጥም'ዩ። ደምበ ሰማባል ልዑል ብቕዓት ምጥቃዕ ዘውጉ ተጻወትቲ ዝሓዙት ኮይና፡ ኣብ ቀዳማይ ክፋል ጸወታ፡ 1-0 መሪሓ ናብ ዝቐጸለት ሴት ኣምርሐት። ኣብ ካልኣይ ክፋል ጸወታ፡ ብደገፍታ ማማሟቕ ዝወዓለት ሕውትት፡ ንዘበረ ሃጓፍ ሸፊና፡ ንካልኣይቲ ሴት ተዓወተትላ። ጸወታ ድማ ናብ ማዕረ ወጽኢት 1-1 ቀይሩ'ዩ። ኣብ ሳልሰይትን መዛዘሚትን ሴት፡ ክልቲኤን ብሉጽ ጸወታ ኣንጸባሪቓ። ደምበ ሰማባል ድማ ኣከታቲላ ሸቶታት ብምውሓዝ 2-1 ዛዚማቶ። ኣብዚ ግጥም ካብ ደምበ ሰማባል ጴጥሮስ የማነ ሻምናን ተሰፋይን፡ ካብ ሕውትት ድማ ዳንኤል የሃንስ ሙሴ ገብሩን ብሉጽ ጸወታ ኣንጸባሪቖም።

ኣብቲ ዕለት ተሰሪዑ ካብ ዝበረ ውድድራት ካልኣይ ዲቪዥዮን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሳሊና ንደምበ ሰማባል 2-0፣ ሳልሳይ ዲቪዥዮን ደቂ-ተባዕትዮ፡ ጋሉፍሒ ንኣዱሊስ 2-0፡ ከምኡ ውን ሳልሳይ ዲቪዥዮን ደቂ-ኣንስትዮ ባሕቲ-ማስከረም ንዲያእ 2-1 ሰዒረንኦን።

### ሻምፕዮና ደቂ-ኣንስትዮ ይቕጽል

ውድድራት ሻምፕዮና ደቂ ኣንስትዮ ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል፡ ቀዳም ሓሙሽተን ሸድሽተን ሚያዝያ ቀጺሉ ኒዩሩ። ቀዳም ኣብ ዝተኻየደ ጸወታ፡ ኩብንያ ህንጻ ሰገን ምስ ሓይሊ ኣየር

## ስልጠና ናይ ኣሰልጠንቲ ኩዕሶ መርበብ ተዛዚሙ

ሃገራዊ ፌደረሽን ኩዕሶ መርበብ ኤርትራ፡ ምስ ሃገራዊ ኮሚተ ኦሎምፒክ ብምውህሃድ ክህቦ ዝጸንሐ ናይ ኣሰልጠንቲ ቀዳማይ ደረጃ ስልጠና ተዛዚሙ።

እቲ ካብ 1-5 ሚያዝያ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ብኦሎምፒክ ሶሊዳሪቲ ተመዊሉ ኣፍልጦ ዓለም-ለኻዊ ማሕበር ኩዑሶ መርበብ FIVB ዘለዎ ኮይኑ፡ ካብ ኩለን ዞባታትን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝተዋጽኡ ኣብ ዓውዲ ኩዕሶ መርበብ ዝጥዩ ሸዱሽተ ደቂ-ኣንስትዮ ዝርከብኦም 30 ሰልጠንቲ እዮም ተሳቲፎም።

እቲ ብኣህጉራዊ ኢንስትራክተር ኩዕሶ መርበብ FIVB መሓመድ ባድራን ሸክሪ ዝተዋህበ ስልጠና፡ ክልሰ ሓሳብን ግብርን ዘጠቓለለ ኮይኑ፡ ብዝንቀሳቐሲ ስእሊ ተሰንዩ እዩ ቀሪቡ። ኣብ ኣመጻጽኣን ድሕሪ ባይታን ዓውዲ ኩዕሶ መርበብ፡ ኣብ ምዕባለታትን ምድላውን ጋንታ፡ ኣጥቢብ ኣሰልጣንነት፡ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ፡ ባህሪን ጠባይን ኣሰልጣኒ ክኽተሎ ዘለዎም መንገድታትን ንተጻወትቲ ብስነ ኣእምሮውን ኣካላውን ኣብ ምህናጽ፡ ሰልጠንቲ ዝደለይዎ ፍልጠት ብቐመይ መገዲ ብቴክኒካውን ታክቲካውን ብስእሊ ኣብ ባይታ የተግብርዎ፡ ሚላ ኣጸዋወታን ወህደት ጋንታ ኣብ ምፍጣርን ካልእን ኣብ ዝብሉ ኣርእስትታት ዘተኩረ እዩ ነይሩ።

ኣብቲ ኣቦላት ሃገራዊ ፌደረሽን ዝተረኽቡሉ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ ሰልጠንቲ ዝተዓለወሉም ምስክር ወረቐት ክዕደሉ እንከለዉ፡ ብወገን ሃገራዊ ፌደረሽንን ሰልጠንቲን ድማ ንኢንስትራክተር መሓመድ ባድራን ህያባት ተበርኪቱሉ።

## ውድድር ጋንታታት ገዳይም ኩዕሶ እግሪ ፈሊሙ

ብምኽንያት መዓልቲ ናጽነት ዝዳለወ ውድድር ጋንታታት ገዳይም ኩዕሶ እግሪ፡ ብ7 ሚያዝያ ኣብ ሜዳ ካምቦ ቺቸሮ፡ ዕዱማት ኣጋይሽን ኣፍቀርቲ ስፖርትን ኣብ ዝተረኽቡሉ ብውዕውዕ መንፈስ ፈሊሙ።

መጀመርታ ናብ ሜዳ ዘምርሓ ገዳይም ተጻወትቲ ጋንታታት ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሕውትትን ፍቕርን እየን። ብሓፈሻ እዘን ተጻወትቲ ካብ ፈለማ ጀሚረን ብዘርኣይኦ ብቕዓት ኣጻዋወታ፡ ካብ ተዓዘብቲ ኣድናቖት ኣትሪፈን። ጸወታ ድማ ብፆወት ጋንታ ሕውትት 1-0 ተዛዚሙ።

ድሕሪዚ፡ ግጥም ጋንታታት ደቂ-ተባዕትዮ፡ ኣብ መንጎ ቺፖሊኒን ኣዱሊስን እዩ ቀጺሉ። ኣብ ቀዳማይ እብረ ጸወታ ዝተመዝገበ ሸቶ ብዘይ ምንባሩ 0-0 ንዕረፍቲ ኣምርሐ። ድሕሪ ዕረፍቲ ኣብ ዝቐጸለ ጸወታ ግን ቺፖሊኒ ኣብ መበል 47 ደቒቕ፡ ብመገዲ ኤርምያስ ኣለም (ሰሲ) ብዘረኸበታ ሸቶ መሪሕነት ሓዘት። ኣብ መበል 49 ደቒቕ ድማ ኤርምያስ ንሱን ንጋንትኡን ካልኣይቲ ሸቶ ብምውሳኹ፡ እቲ ግጥም ብፆወት ቺፖሊኒ 2-0 ተዛዚሙ። ኤርምያስ ኣለም፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።

ኣብ መወዳእታ፡ ጋንታታት ማሎቲን ኣልታሕሪርን እየን ተጋጢመን። እቲ ግጥም፡ ካብ ፈለማ ብኽልቲኤን ጋንታታት ቅልጡፍን ሚዙናውን ምንቅስቓስ ዝበሮ እዩ። ማሎቲ ኣብ መበል 47 ደቒቕ፡ ብመገዲ ዳንኤል መብራህቱ ሸቶ ብምርካብ መሪሕነት ሓዘት። ኣብ መበል 51 ደቒቕ ፍጹም ቅላዕ ብምርካብ፡ የናስ ምሕረትኣብ (ፋፋ) ናብ ሸቶ ቀዪሩ። እቲ ግጥም ድማ ብፆወት ማሎቲ 2-0 ተዛዚሙ። ያቆብ ጠዓመ (ጃኪ) ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ተሸሊሙ።



## ሻምፕዮን ኩዕሶ ሰኪዐት ዞባ ማእከል ይቕጽል

ሻምፕዮን ኩዕሶ ሰኪዐት ዞባ ማእከል፡ ቀዳምን ሰንበትን ንመበል ራብዓይ ሰሙን ቀጺሉ። ቀዳም ድሕሪ ቀትሪ ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ-ኣንስትዮ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ደንደን 51-ብ40 ንኣርባዕተ ኣስመራ ክትስዕራ ከላ፡ ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ-ተባዕትዮ ኣብ ዘካየድዎ ጸወታ ድማ ሴቲሰንተር 48-ብ38 ንብደሆ ረቲዓታ።

ሰንበት ቅድሚ ቀትሪ ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታ ኽሪ 45-ብ32 ንሓይሊ ኣየር ክትብድሃ ከላ፡ ደቂ-ተባዕትዮ ቀዳማይ ዲቪዥን ኣብ ዘካየድዎ ግጥም፡ ሓይሊ ኣየር ንኣሰር 58-ብ45፡ ኣርባዕተ ኣስመራ ንሓሬና ድማ 66-ብ54 ብዘኸሳ ወጽኢት ተዓዊተናለን።

እዚ ሸሞንተ ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ-ኣንስትዮ፡ ከምኡ'ውን 15 ጋንታታት ቀዳማይ ዲቪዥን ደቂ-ተባዕትዮ ዝሳተፍዎ ዘለዉ ውድድር፡ ጸባሕ ረቡዕን ዓርብን ድሕሪ-ቀትሪ ዝተፈላለዩ ግጥምታት ክካየድ እዩ።

### መደብ ጸወታ

**ረቡዕ**

ሓሬና - ምስሪ (ደቂ-ኣን) 6:00 ድ.ቀ.

**ዓርቢ**

ሓይለኣየር - ሴቲ ሰንተር (ደቂ-ኣን) 5:00 ድ.ቀ.

ሓይለኣየር - ሜካ (ደቂ-ተባ) 6:00 ድ.ቀ.

# ዜና ዓለም

ተስፋኣለም የማነ

## ኢራን፡ ብጉዳይ ኑክሌሳዊ መደባታ ምስ ኣመሪካ ክትዘራረብ ወሲና

መንግስቲ ኢራን፡ ብጉዳይ ኑክሌሳዊ መደባት ሃገሩ ኣመልኪቱ ኣብ መወዳእታ ናይዚ ሰሙንዚ ኣብ የማን ምስ ኣመሪካ ዘይቀጥታዊ ዝርርብ ከካይድ ምዃኑ ኣፍሊጡ።

እቲ ዝርርብ ኑክሌሳዊ መደብ ኢራን ብዲፕሎማሲያዊ መንገዲ ንኽፍታሕ መንገዲ ክጸርግ ከምዝኽእል ይሕበር ኣሎ።

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ ኣብ ዝተቐበለሉ እዋን ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ "ኣመሪካን ኢራንን ዝመጽእ ቀዳም ዓቢን ኣገዳስን ርክብ ክገብራ እየን። እቲ ርክብ፡ ብደረጃ ላዕለዎት ሰበስልጣን ክልቲኤን ሃገራት ክካየድ እዩ" ክብል ተዛሪቡ ነይሩ።

ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ዓባስ ኣራቕቺ ብሰሉስ ምሸት ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ ድማ፡ እቲ ርክብ ቀጥታዊ ከምዘይከውን



ድሕሪ ምጥቃሱ፡ ከምቲ ትራምፕ ዝበሎ ቀዳም 12 ሚያዝያ ኣብ የማን ከምዝካየድ ሓቢሩ።

ኢራን፡ ኣብ ጉዳይ ኑክሌሳዊ መደባታ፡ ሃገራት ምዕራብ ዝጠልባኦ ጠለባት ከተማልእ፡ ኣምሲየን ድማ ኣብ ልዕሊኣ ዝተወሰነ ማዕቀባት ክለዓል ዝብል ስምምዕ ኣብ 2015 ምስ ኣመሪካ እትርከበን ሓያላን ሃገራት ከቲማ ምንባራ ይዝከር።

እንተኾነ፡ ዶናልድ ትራምፕ ኣብ 2017 ናብ ስልጣን ድሕሪ ምድያቡ፡ ዓመት ጸኒሑ ኑቲ ምምሕዳር ባራክ ኦባማ ዝኸተሞ ስምምዕ ብምስራዙ ኑቲ ውዕል ኣፍልጦ ከምዘኽልኦን ብኣንጻሩ ሰፍ ዘይብል ሓደሽ ማዕቀባት ኣብ ልዕሊ'ታ ሃገር ከምዘበየነን ኣይርሳዕን።

ታሪኻዊት ጸላኢ ኢራን ዝኾነት እስራኤል፡ ጠኒሃራን ኑክሌሳዊ ቦምባ ንምምዕባል ተቓሪባ ከምዝሎ'ኳ ብተደጋጋሚ ትገልጽ እንተኾነት፡ ዝሓለፈ ወርሒ ዝወጸ ዓመታዊ ስለያዊ ጸብጻብ ኣመሪካ ግን፡ "ኢራን ኑክሌሳዊ ቦምባ ኣየማዕበለትን ዝብል ገምጋም እዩ ዘሎና" ክብል ሓቢሩ ነይሩ።

## ኣልጀርያ ምስ ማሊ ተተፋኒና

ኣልጀርያ፡ ብማሊ ኣቢሉን ዝመጽኣ ነፈርቲ ንክሊ-ኣየራ ከይጥቀማ ድሕሪ ምኽልካሉ፡ ማሊ እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ከምዝወሰደት ይሕበር ኣሎ።

እተን ሃገራት ነዚ ስጉምቲ'ዚ ዝወሰዳ ዘለዋ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ሓንቲ ሰብኣልቦ ነፋሪት ኣብቲ ናይ ሓባር ዶብተን ተወቒዓ ድሕሪ ምውዳቓ እዩ።

ኣልጀርያ፡ ነታ ክሊ-ኣየር ከምዝጠሓሰት ዝገለጸታ ናይ ማሊ ሰብኣልቦ ነፋሪት ወቒዓ ድሕሪ ምውዳቓ፡ መንግስታት ማሊ፡ ቡርኪናፋሶን ኒጀርን ተቓውሞኦም ንምግላጽ ኣብ ኣልጀርስ ንዘመደብዎም ኣምባሳደራቶም ከምዘስሓብዎም'ዩ ክግለጽ ቀንዩ።

መንግስታዊት መደበር ቴለቪዥን ኣልጀርያ ብሰኑይ ምሸት ኣብ ዘፈነወቶ ዜና፡ መንግስቲ ኣልጀርያ፡ ካብ ማሊ ዝቕላን ብማሊ ኣቢለን ዝሓልፋን ነፈርቲ ንክሊ-ኣየር ኣልጀርያ



ከይጥቀማ ብምኽልካል፡ ንተግባራት እታ ሃገር ግብረ-መልሲ ከምዝሃበ ሓቢራ።

ማሊ ብወገና ኣብ ዝርገሓቶ ሓበሬታ፡ እታ ብሰሜን እትዳወባ ኣልጀርያ፡ ግብረ-ሽበራ ትምውልን ናብ ጐረባብቲ ሃገራት ትልእኾን ምህላዋ ከሲሳ።

ወሲኻ ድማ፡ እታ ጸንፅ ደጀን ዕጡቓት ተቓወምቲ 'ጡዋረግ' ኣብ ዝኾነት ሰሜናዊ ክፋል ከላ ተካይድ ምንባራ ዝጠቐሰታ ሰብኣልቦ ነፋሪት፡ ንክሊ-ኣየር ኣልጀርያ ከምዘይጠሓሰት ሓቢራ።

ኣልጀርያ ግን፡ ኣብዚ ሓሊፉ ሒደት ኣዋርሕ ጥራይ ክሊ-ኣየራ ሰለስተ ግዜ ብወተሃደራውያን ድሮናት ማሊ ከምዝተጣሕሰ'ያ ትገልጽ።

ማሊ፡ ኒጀርን ቡርኪናፋሶን ዞባዊ ኪዳን ማሕበረን ዘለዋ ኩይነን፡ ዝኾነ ግዳማዊ ስግኣት ይኹን ሓደጋ ምስ ዘጋጥመን ብሓባር ክምክታኣ ወሲነን ምህላወን'ዩ ዝግለጽ።

## ኣመሪካ፡ ንምክልኻል 'ሓደ ትሪልዮን ዶላር' ባጀት ኣጽዲቓ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ምምሕዳሩ ንክፍሊ ምክልኻል (ፔንታጎን) ዝውዕል ሓደ ትሪልዮን ዶላር ባጀት ከምዘጽደቐ ኣፍሊጡ።

እቲ ምምሕዳር፡ ወጻኢታት ፈደራል መንግስቲ ንምንካይ ንገለ ትካላት ይዓጹን ኣማኢት ኣሽሓት ሰራሕተኛታት መንግስቲ ካብ ስራሕ ይሰጉግን ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ኣብ ጸጥታ ምክልኻል ዝውዕል ክብረ-ወሰን ዝሓዘ መጠን ባጀት ከጽድቕ ምኽኣሉ ንብዙሓት ወገናት ኣገሪሙ ኣሎ።

ትራምፕ ነዚ ዘፍለጠ፡ ዝሓለፈ ሰኑይ ምሸት ንቀዳማይ ሚኒስተር እስራኤል በንያሚን ኔታንያሁ ኣብ ዋሽንግቶን ተቐቢሉ ኣብ ዘዘራረበሉ እዋን'ዩ።

"ክጸብኡና ዝደልዩ ብዙሓት ሓይልታት ኣብ ከባቢና ስለዘለዋ፡ ዓለም ርእዮቶ ዘይትፈልጦ መጠን ባጀት ሰሊዕና ንሰራዊትና ዳግማይ ብምህናጽ ዝያዳ ከሐይሎ ወሲንና ኣሎና፡" ክብል ድማ ተዛሪቡ።



ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር ፒት ሆግሰት ብወገኑ፡ "ንፍሲ-ወከፍ ካብ ከፈልቲ ግብሪ ኣመሪካ እትእከብ ዶላር ብጥንቃቐ ኣብ ምዕጣቕ ዘመናዊ ኣጽዋርን ንኩናት ድሉው ኣብ ምዃንን ክትውዕል ኢና ንደሊ ዘሎና፡" ክብል ገሊጹ።

ኣቐዲሙ ጸሓፊ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ ዝነበረ ሎይድ ኦስቲን ኣብ ዝሃቦ ርእይቶ፡ እቲ ምምሕዳር ትራምፕ ንምክልኻል ኣጽዲቑዎ ዘሎ መጠን ባጀት፡ ካብቲ ፔንታጎን ንዓመተ 2026 ክሳዕሉ ክጸበዮ ዝጸንሐ ባጀት ብኣስታት 50 ቢልዮን ዶላር ዝዛየደ ምዃኑ ኣረዲኡ።

ኣመሪካ፡ ዝሓለፈ ዓመት ንጽላት ምክልኻል ዝሰላዓቶ ባጀት፡ 895.2 ቢልዮን ዶላር ከምዝነበረ'ዩ ዝግለጽ።

ዛጊት ኣስታት 280 ሽሕ ሰራሕተኛታት ካብ ትካላት መንግስቲ ኣባሪሩ ዘሎ ምምሕዳር ትራምፕ፡ ኣብ ክፍሊ ምክልኻል'ውን ዘድሊ ወጻኢታት ንምንካይ ስጉምቲታት ክወስድ ምዃኑ'ዩ ክሕበር ጸኒሑ።

## ፕረዚደንት ኮንጎ፡ ንኣመሪካውያን ዝተዋህበ ናይ ሞት ፍርዲ የሸላሽል

ፕረዚደንት ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ - ፊሊክስ ትሽሰኬዲ፡ ብወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ'ታ ሃገር ናይ ሞት መቕጻዕቲ ንዝተበየነሎም ሰለስተ ኣመሪካውያን ኣሸላሽሉ ከምዝበረሎም ተሓቢሩ።

እቲ ፕረዚደንት ነዚ ውሳኔዚ ዝሕልፍ ዘሎ፡ ሰበስልጣን መንግስቲ ኣመሪካ፡ ኑቶም ኣብ ማሕበስ ኪንሻሳ ተዳጕኖም ዝርከቡ ገበነኛታት ሎምቕነ ክበጽሑዎም ምኳኖም ኣብ ዝሕበረሉ ዘሎ እዋን'ዩ።

እቶም ሰለስተ ኣመሪካውያን፡ ካብ'ቶም ዝሓለፈ መስከረም ብወተሃደራዊ ቤት-ፍርዲ ኮንጎ ናይ ሞት መቕጻዕቲ ዝተበየኖም 36 ክሱሳት ኩይኖም፡ ኣብ ግንቦት 2024 ንፕረዚደንት ፊሊክስ ትሽሰኬዲ ብዕልዋ ካብ ስልጣኑ ንምእላይ ኣብ ዝተኻየደ - ዜግነት ኣመሪካን ኮንጎን ብዘለዎ ክርስትያን ማላንጋ ዝተባህለ ተቓዋሚ ዝተመርሐ ፍሹል ፈተነ ከምዝተሳተፉ'የም ተኸሲሶም ጸኒሖም።

ኣብቲ ሸው ምስ ሓለውቲ ናይቲ ቤት-መንግስቲ ዝተኻየደ ናይ ተኹሲ ልውውጥ፡ እቲ መራሒ ዕልዋ ዝርከቦም ሽዱሽተ ሰባት ከምእተቐትሉ ይዝከር።

እቲ ፕረዚደንት ጌይሩዎ ብዘሎ ኣሸላሽላ፡ እቶም ናይ ሞት መቕጻዕቶም ክጸበዩ ዝጸንሑ ኣመሪካውያን፡ መቕጻዕቶም ናብ ናይ ሕልፈት ማእሰርቲ ተሰጊሩሎም ከምዘሎ፡ መርበብ ሓበሬታ ሲ.ኤን.ኤን ንሱቡማዚ መንግስቲ'ታ ኣፍሪቃዊት ሃገር ብምጥቃስ ሓቢሩ።

መንግስቲ ኮንጎ ነቶም ብሩዋንዳ ከምዝድገፉ ዝገልጾም ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ሃገሩ ዝንቀሳቐሱ ዕጡቓት ተቓወምቲ ክምክት ብዘይምኽኣሉ፡ ሓገዝ ኣመሪካ ኣብ ዝሓተተሉ ዘሎ እዋን'ዩ ኑቲ ናይ ኣሸላሽላ ስጉምቲ ዝወሰደ ዘሎ።

እቲ መንግስቲ፡ ኣመሪካ ጸጥታን ሰላምን ሃገሩ ንምውሓስ ክትተሓጋገዞ፡ ኣምሲያኡ ድማ ኣብ ዕደና ክቡራት ማዕድናት ሃገሩ ወፍሪ ብምግባር ናይ ዝተወሰነ ማኢታዊት ብጹሒት ክህልዋ ዝጠልብ እማመ ናብ ምምሕዳር ዋሺንግቶን ልኢኹ ከምዘሎ'ዩ ዝንገረሉ።



## ቤላሩስ፡ ናብ ሩስያ ክሰግር ዝተሓሰበ ተባራዒ ባእታ ትሕዝ

ሰብመዚ ኣገልግሎት ግምሩኽ ቤላሩስ፡ ናብ ሩስያ ክሰግር ከምዝተሓሰበ ዝገለጹዎ ኣስታት 6 ኩንታል ተባራዒ ባእታ ከምዝሓዙ ኣፍሊጦም።

እቲ ኣብ ሕትምቲ መኪና ተጻዒኑ ብኮንትሮባንዳ ክሓልፍ ዝተታሕዘ 580 ኪሎ ዝምዝን ተባራዒ ባእታ፡ ኣብ ሽበራዊ ተግባራት ክውዕል ዝተሓሰበ ኣዝዩ ሓደገኛ ከምዝኾነ ድማ፡ ሓለፍቲ ጸጥታ እታ ሃገር ሓቢሮም።

እታ መኪና ኑቲ ተባራዒ ባእታ ጸዒና ካብ ማልዶቫ ከምእተበገሰት ዝጠቐሱ እቶም ሓለፍቲ ጸጥታ፡ ብፖላንድ ኣቢላ ቤላሩስ ከምዝኣተወት'ውን ወሲኾም ገሊጾም።

እቲ ተባራዒ ባእታ፡ ፈተሽቲ ኣኽላባት ከይተረፉ ሸቲቶም ክረኽብዎ ከምዘይክእሉ ኩይኑ ኣብታ መኪና ከምእተተሓብአ ዝጠቐሱ ሰብመዚ ግምሩክ ቤላሩስ፡ ኣብታ ሃገር ብሓደ ግዜ ካብ ዝተታሕዘ ተባራዕትታት እቲ ዝዓበየ ኩይኑ ተመዝጊቡ ከምዘሎ ኣረዲኦም።

እቲ ዝተታሕዘ ተባራዒ ባእታ ኣብ ላቦራቶሪ መርመራ ምስ ተኻየደሉ፡ ግብረ-ሽበራያን ሓይልታት ሽበራዊ ተግባራት ንምፍጻም ብዙሕ ዝጥቀምሉ 'pentaerythritol tetranitrate' (PETN) ዝተባህለ ቀመም ምዃኑ ከምዝተረጋገጸ'ውን፡ እቲ ብመርበብ ሓበሬታ 'ራሻ ቱደይ' ዝተዘርግሐ ሓበሬታ ይጠቅስ።

እቲ ሓበሬታ ወሲኹ፡ እስራኤል እውን ዝሓለፈ ዓመት ንመራሕቲ ሕዝቦላህ ንምቕንጻል 'ፔጀር' ዝተባህላ - ኣብ ኢድ'ቶም መራሕቲ ዝነበራ ናይ ርክብ መሳርሒታት ከተባርዕ እንከላ፡ ነዚ ቀመማዊ ባእታ ከም መፈንጀሪ ከም እተጠቐመትሉ (ኣቐዲማ ኣብ ውሽጢ'ተን ናይ መራኸቢ መሳርሒታት ከምዘሰኸዓቶ) ይሕበር።



| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ደንደን | 09/04/2025 | ጎደና - 117-15 ፡ ቁ. 11፡ ጥቓ ሽል ዑቕባ ሃደለ | 121140 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ  ቁ.ቴሌፎን 127565